
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 352 18 ነሓሰ 2014 ገጻት 8 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ሰኑይ


ገጽ 2
ወሰዓዝር.........!



ገጽ 3
ሕርይቲ ኣብ ሰዉር ሰናይ



ገጽ 5
እታ ንእሽቶ ጨማቲት



ገጽ 7
ካብ ዓረዛ ንፅምር



ገጽ 11
ማንቸስተር ዩናይትድ
ኣብ ሜዳኣ ተኻዒራ



# ሃገራዊ ፈስቲቫል 2014፡ ንባህላዊ ብዙሕነትን ሰፊትን ህዝቢ ኤርትራ ብዘንጸባርቕ መሳጢ መደባት ጀሚሩ ከምዝሎ ነጋድያን ገሊጾም



"ባህሊ፡ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን" ብዝብል ቴማ ካብ 16 ክሳብ 23 ነሓሰ ዝቃናዕ ሃገራዊ ፈስቲቫል 2014፡ ያታዊ ኣኣብራ፡ ልምድታትን ትልሂታትን ብሄራት ኤርትራ ከም'ኡ'ውን ንኹሉ ክሊታት ዕድመ ኣብ ግምት ብዘእቱ ኣዘናጋዕን መሃርን መደባት ብውዕወዕ መንፈስ ከምዝጀመረ ነጋድያን ገሊጾም።

ንሳቶም ኣብ ርእይቶኦም፡ ሃገራዊ ፈስቲቫል ዓመታዊ ብዘንቀውታ ዝጽበዩዎ ምትእኽኻብ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ እቲ ኣብኡ ዝካፈልዎ ሓድነታዊ ፍቕሪ፡ ንባህልታትን ልምድታትን መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ ቀጽሪ ናይ ምብጻሕ ብልጫኡን ናብ ቁልዑ ዘሰርጾ ክብርታትን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ ዕቃበን ምውርራስን ባህላዊ ውርሻ ዝጻወቶ ተራ ቀሊል ከምዘይኮነ ኣረዲኦም።

"ባህልታቱን ክብርታቱን ብዝጠቕእ ዝዓቀበ ሕብረተሰብ ወትሩ ሕቡን'ዩ" ዝበለ መንእሰይ ዳዊት መንግስተኣብ፡ ኤርትራ ከም ሃገር ዘሐብን ባህላዊ መንነትን ወሀድ ቅኒት ዘለዎ ብዙሕነትን ከምእትውንን ብምብራህ፡ ኣገዳስነት ፈስቲቫል ኣብ ምንጽብራቕ ናደዚ ፍሉይ ትዕድልቲ'ዚ ዕዙዝ ብምዃኑ፡ ብዝሓየለ ክድንፍዕ ዘለዎ ሃገራዊ ውራይ ምዃኑ ኣስሚሩሉ።

ህጻን የሳን የናስን መንእሰይ ኡሳማ ኢብራሂምን ብግደኦም፡ ፈስቲቫልን ትሕዝቶኡን - ኣብ ሃገርምን ሕብረተሰቦምን ዘለዎም ኩሉንትናዊ ፍልጠት ንምዕባይን ሓድሕዳዊ ሌላ ኣብ ምፍጣርን ሓጋዚ ስለዝኾነ ብሃንቀውታ ክጽበዩዎ ምጽንሖም ብምሕባር፡ ኣብ መኽፈቲ ዝተዓዘቡዎ መደባት ፍሉይ ተምሳጥ ከምዝሕደረሎም ኣብሪሆም።

ሱዳናዊ ኢብራሂም ዓብደላን ወደዘርት የርዳኖስ ኣብራሃምን ድማ፡ ተምሳጦም ኣብ ቀረብ ዘሎ መደባት ድሕሪ ምግላጽ፡ እዚ ሃብታም ባህላዊ ውርሻታት ህዝቢ ኤርትራ ዘንጸባርቐሉ ፍሉይ መድረኽ ብዝበለጸ ክሰፍሕ ኣዘኻኺሮም።

## ኣብ መበል 19 ሻምፕዮን ውድድር ኣትሌቲክስ ኣፍሪቃ ክትሳተፍ ዝቖጸት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ንሃገራ ተመሊሳ

ካብ 10 ክሳብ 14 ነሓሰ 2014 ኣብ ከተማ ማራካሽ - ሞሮኮ ክካየድ ኣብ ዝቖጸ መበል 19 ሻምፕዮን ውድድር ኣትሌቲክስ ኣፍሪቃ ተሳቲፋ ክልተ ሜዳልያታት ዝዓተረት 2ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ብቐዳም 16 ነሓሰ ወጋሕታ ኣስመራ ኣትያ።

እታ ሃገራዊት ጋንታ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝበጽሓትሉ፡ ሓለፍቲ ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣኸሊል ፅንባ ብምብርካት ምዉቕ ኣቀባብላ ገይሮምላ።

እዛ 2 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከባኦም 11 ኣትሌታት ሒዛ ኣብቲ ኣህጉራዊ ውድድር ዝተሳተፈት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ኣብ ውድድር 10 ሽሕ ሜትሮ ብኣትሌት ንጉስ ኣምለሶም ወርቂ ሜዳልያ፡ ኣብ ውድድር 5 ሽሕ ሜትሮ ድማ ብኣትሌት ኣብራር ዑስማን ነሓስ ሜዳልያ ምሽላማ ይፍለጥ።

## ማእከል ምእራምን ተሃድሶን ባረንቱ፡ ሞያውያን ኣካዳምያውን ብቕዓት ተሃደስቲ ንምዕባይ ዝካየዶ ጻዕርታት ብዝለዓለ ከምዘቐጸሎ ገለጸ

ማእከል ምእራምን ተሃድሶን ባረንቱ፡ ሞያውያን ኣካዳሚያውን ብቕዓት ተሃደስቲ ንምዕባይ ዘካይዶ ጻዕርታት ብዝለዓለ ከምዘቐጸሎ፡ ኣብ ስነ-ስርዓት ምዝዛም ዓመተ-ትምህርቲ 2013/14 ገሊጹ።

ኣዛዚ ናይቲ ማእከል ሜጀር ኪዳነ የሴፍ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ማእከል፡ ናይ ሕጊ ተኣረምቲ ካብ ሕሉፍ ገበናቶም ተማሂሮምን ተሃዲሶምን ካብቲ ማእከል ምስ ወጹ፡ ንነብሶም ኮይኖም ንስድራ-ቤቶም ዝኣልዩሉ ባይታ ምጥጣሕ ከምዝኾነ፡ ነዚ ንምዕዋት ድማ ኣካዳምያውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናታትን ከም ዝወሃቦም ብምሕባር፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ንዝደገፍዎም ኣካላት ኣመስጊኑ።

ርእሰ-መምህር ቤት-ትምህርቲ ማእከል ምእራምን ተሃድሶን ባረንቱ መምህር ጀማል መሓመድ-ጅምዕ ብወገኑ፡ ናይ ሕጊ ተኣረምቲ ኸ'ቲ ዝረኸብዎ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ናይ ኮምፕዩተር ስልጠናታትን ንመጻኢ ሂወቶም ዝጠቅም ዝተፈላለየ ሞያታትን ከምዘቐሰሙ ብምምልካት፡ ዝተዓብዐ ውጽኢት ከምዝርከቦ ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ጉጅለ ባህሊ መቐደሮ ናይቲ ማእከል ዝተፈላለየ መዘናግዒ መደባት ከተቕርብ እንከላ፡ ብሉጽ ውጽኢት ዘመዝገቡ ተኣረምቲ ድማ ካብ ሽልማት ተዓዲሎም።

# ቕያንኽ

መሓሪ ዕቑባሚካኤል (ጠዊል)

# ወለዕዝር. . .!

ኣብ ሕብረተ ሰብና ብዛዕባ ወለዕዝር እንከተልዕል ጸዊኻ ዝውዳእ ኣይኮነን። ደጋጊምካ ድማ ጽዋ ዛንትኡ ኣልዒልካን ኣዕሊልካን ኣይትመንዎን። ገለ ገለ ሰባት ብዛዕባ ወለዕዝር ዝዝረብ ወግዒ ጽውጽዋይ'ዩ ክብሉ እንከለዉ ገለ ኩሉ ብዛዕብኡ ዝዝንቶን ዝውረን ሓቒ'ዩ በሃልቲ'ዮም። በሉ ካብቲ ወትሩ ግዜ ብዛዕባ ወለዕዝር ዝበሃል ኣፈናዊ ዕላል ከፍእመልኩም።

ወለዕዝር ብጉብዝንኡን ሕበጥ ኣፍልቡን ኣብ ኢዱ ዝዓትሮ ሻፍ-ሻፎ በትሩን ርእዮም ''ገንሕ ጉበዝ ኣኸዛ'' ኢሎም ኣብ ፈቖዶ ሩባን ኩርባን ዓድን ዓውድን ኣራጢጦም የዋግዕሉ ከም ዝነበሩ ክሳብ ሎሚ ጽዋ ዛንትኡ ዓበይቲ ይዛረብሉ። ዛንታ ወለዕዝር ካብ ዝውጋዕ ዘመናት'ኳ ኣቑጺሩ እንተሎ ንኽትሰምዖ መመሊስካ ናብቶም ሰብ ጻዕዳ ጋብን ሰብ ጽቡቕ ጭራን ተብል።

ወለዕዝር ኣብ ፈቖዶ ቅርዓት ቀልቀል ዓድን፡ መንገዲ ኣርብዓን ምስቲ ጠቃር ጢላ በትሩ ዓዘር ክብል ንዝረኣይዎ ማል ወይ ጠለ-በጊዕ ከም ዘጥፍአ'ዩ ዝምሰል። ግና እንታይ ግድኹም ኣንቱም ደቂ-ዓበይቲ። መዓስ ትም ኢሉ ኮይኑ ሃሪ በርቂ (ጨው ቀትሪ) ንበይኑ ኣብ ፈቖዶ መንገዲን ቅርዓት ባይቶን ከትርን ዘወን ዝብል። ሓቂ እንተኾይኑስ ጽጉማት ዓበይቲ ሰባት እንተረኸበ እምበር። ''ሊላይ'' ዶ ኢልኩም፡ ዝሕግዝ ጠላዕ ጉበዝ ደኣ ኣምላኽ ዝፈጥሮን ዝቐኣን'ምበር መዓስ ከ ይጽላእ ኮይኑ። ግና ኣንቱም ደቂ ዓበይቲ ዓለል ፈለል ወለዕዝር ኣብ ፈቖዶ እምባን ኩርባን። ጠራውርን ዓዲ በንጻሩ'ዩ። ደጕላሳትን ጥኑሳትን ከምኡ 'ውን ደቂ ማርያም ገርህታትን ኣረግቶትን እንተረኸበ'ሞ ገባሪ ሰናይ ተመሲሉ ንብረቶም ተቐቢሉ ነቲ ጌታር ዓቐብ ዓዱ ብኣድራጋ ስጉምቲ ዝተሓላዞ። ብጣዕሚ መልሓሱ'ውን ፍሉጥ ስለ ዝኾነ ኣብቲ ጉዕዞ ነዞም ለዋሃት ተጓዓዝቲ ዘይብሎምን ዘይጣበቦን ኣይነበሮን። ሰኸምኩም ክብርየኩም ንዝበሎም ድማ ብዘይ ዕጽይ ምጽይ ይህብዎ። ኣብ ኩረቢትን ዕውዶ ዕውድን፡ ክሳውድትን ዝተሰከመሎምን ዘብረየምን ኣካ ኣዲኦም ተቕጽሮም። ንብረት ኣራጊፉ፡ ኣዕርፉ፡ ኣፍልቡ ዘርጊሑ ንፋስ እናተሃረመ ኮፍ ኢሉ ይጽበዮም። እዚ'ዩ ድማ ንእምነት ተጓዓዝቲ እምነት ዝውሰኸሉ ዝነበረ። ''ከመይ ዝበለ ወዲ ማርያም'ዩ ኣታ`ዚ እንጀራ ዓለም ብላዕ። ደሓን እቶ። ዘብርየካ ውለድ . . . .'' እናተባህለ ድማ ግንያ ምርቓኡ ይቓሰ።

ንስማዒኡ'ኳ ዘይጥዑም! ወለዕዝር ንዝፈለጥ ጽቡቕ ተግባር ኣይዛዝሞን። እንታይ ኮይኑ ዲኹም ዝበልኩም? ወለዕዝር ኣብ መወዳእታ ናህሪ ጉዕዝኡ ብምቕልጣፍ በጣሕ ዘይተልዕሎ ምርቓኡን እኽሉን ተሰኪሙ ናበይ ከም ዝሰወር ኣይፍለጥን። ናብ ገለ ሸኩ-ሽኪ ሸርብ ይብል። ወለዕዝር ኢልካ ዓዲን እምባን ዝንቕንቕ ጸዊዕካ'ውን ኣይርከብን። ሸታ ማይ ይኸውን። ዝመረቕዎ ብመርገም ክመልስዎ ድንዕ-ድንዕ እናበሉ ድማ ኣርሚምዎም ገፍ-ገፍ እናበሉ ንገዝኦም ይኣትዉ። ከይኮነ ኣይተርፍን`ዩ እምበኣር ወለዕዝር ዝብል ስም ለጊብዎ ዝርከብ።



ነዚ ሓሳብ`ዚ ዘራጉድ ብዛዕባ ወለዕዝር ክሳብ ሕጂ ካብ ዝበሃል ንእሽቶ ኢጋጣሚ ኣዕሊለ ክፋንወኩም። ሓደ እዋን ኣደይ ኢታይ ካብ ደብረን ወሪደን ነታ ናይ ዕለታዊት መግበን መለመኒት ዝኾነት ለቓታ ሒዘን ናብ ማእከል ከብዲ ዓዲ ይኣትዋልኩም። ልምን ድሕሪ ምርፋድ ለቓተአን ሽሪበን ወልወል ቀትሪ ናብ ገዳመን ክድይባ ጕተት እናበላ ይምለሳ። ወየ በዓል እዋን ሃንደሊቓ ጉበዝ ወለዕዝር ነደይ ኢታይ ኣማዕድዩ ክመጻ ምስ ረአየን ኣብ መገዲ ኮፍ ኢሉ ተጸበየን። ''ሃብነስከ ኣደይ ኢታይ መዓረይ ከብርየክን ነዚ ተሰኪምክንስ ክትሞታ'' በለን ሓላል ወዲ እዝጊ ንኽመስል። ኣደይ ኢታይ ''ደሓን`ዚ ወደይ ብሩኽ ዓቢ እንጀራ ተዓደል'' ኢለን'ኳ እንተኣበያእ ''ካን ኣይከውንን'ዩ'' ኢሉ ካብ ኢደን ቦግ ኣቢሉ ተሰኪምዎ ይዕዝር። እንተማዕደዋ በቲ ድኹም ዓይነን ምርኣይ ይስእንእ'ሞ ''ኣንታ`ዚ ቁልዓ ድኣ ናበይ ኣበለ ገዲፍኒ'ምበር ጠፊኡ'' እናበላ ይጽውዓ። ከምስል ክኸይድ ጸሊሑ ኣብ ሓደ ዓቢ እምኒ ኮፍ ኢሉ ይጸንሐን። ንሰን ድማ ተሰኪፈን ''ኣንታ ዚወደይ ቀስ በል ክብርየካ ከኣ ክይትመውት'' ምስ በልእ ''ደሓን ኣደይ ኢታይ መዓረይ ዘይሮኸዮስ እንዳኣሉ ነዚኣን'ዶ ምኻን ስኢኒ ደሓር ከኣ ኣነ እንክለኹ'' እናበለ የእምነን። ''እዚ ወደይ እቲ ስምካኸ'' ምስ በልእ ''ወለዕዝር'የ'' ምስ በለን ብርክኻ የጽንዓዮ ኢለን መሪቐን ክየስተንፈሳ ንሱ ይብገስ። ብቕልጡፍ ስጉምቲ ድማ ካብአን ማሕደገ። ብኣካይድኡ ዝተደንቃ ኣደይ ኢታይ ''ኣንታ'ዚ ቁልዓስ ቀቲለዮ እምበር ከየብርዮስ፡ ወይለይ! ወይለይ!'' ኢለን ናይ ዘለወን ብሓይሊ ''ወለዕዝርየ ወለዕዝር. . . . . .ወለዕዝር ዲኻ'የ?'' እንተበላ እቲ ተዋሳኣይ ንሓጥያት ዘይፈርሕ ወለዕዝር ድምጸን ከይሰምዐ ምስ ሰምዐን ኣብቲ ገያጽ ጎቦ ከምስል ኮፍ ኢሉ ተጸበየን። ''ኣንታ ወደይ እንታይ ገበርካ ነን'ባ ከብርየካ'' እንተበልእ ወለዕዝር ግን ''ደሓን ኣደይ ኢታይ መዓረይ እዚኣን ደኣ ኣየናይ ሰኸም ኮይነን ኣጆኽን ኣርከባኒ ጥራይ'' ኢሉወን ተመርቀፈ። እተን ናይ ኣምላኽ ሰብ ''ናይ ኣምላኽ ሰብ ረኺበ'' ብምባል ናይ ልበን ደጊመን መረቓኦ። ካብቲ ንሱ ክበገስ ከሎ ንሰን ኣዕሪፈናሉ ዝጸንሓ ተበጊሰን እንተማዕደዋኦ ኣብቲ ዓቐብ ሕጂ'ውን ምርኣይ ሰኣናኦ። ''እዚ ቁልዓስ . . . . . . . .'' ኢለን ናይ ዘለወን ሓይሊ ኣኻኺበን ''ወለዕዝር ዲኻ'የ ወለዕዝር'' እንተበላ ዓሰርተ ግዜ'ኳ እንተጸወዓ ወይከ። ብዘይካ እቲ ጸፍላዕ እግሩ ዝኸደ ኣሰር፡ መሪት ወለዕዝር ትመስክር ኮነት። ኣብ መወዳእታ ናይ ዓቕሊ ጸበትን ተስፋ ምቁራጽን ''ወለዕዝር ኣየ ወለዕዝር እዛ ሎቀታይስ ሒዝዋ ዕዝር፡ ካብተን ገበታይስ እታ ሎቐታይ መለመኒተይ'' ኢለን ይበሃል። ዕላል ወለዕዝር ድማ በዝን ወዲ ኸምዝን ክሳብ ሎሚ ብዓበይቲ ብሽምዚ ይዝንቶ።

ኣብርሃም ዘርኦ(ወዲሃሊቃ)

## ግጥም ብጥጥሚ

## ቀደረላ ስሞ

እቲ ጽኑዕ'ዩ እኮ ዝዕወት ፍጻመ
እሙን ኣብ እምነት'ዩ ዝኹበር እናተሓዘ
ንምንታይ ትጠራጠር
ኣብ ባህጊ ልቦኻ
ቅኑዕ ኩን እምበር
ኣይትፍራሕ ኣጆኻ
ስለዚ . .
ብልቢ ፈቲኻ
እንተኣፍቂርካያ
መጠላይተይ ኢልካ
እንተሓረኻያ
ስም ደኣ እንታይ ኮይኑ
ምስ ዋጋዚ ፍቕሪ
ክሳብ ናትካ ትኸውን
ቀደረላ እምበሪ
ኩሉ እናፈተኻዶ
ናይ ስም ከበድካ
ምስ ምልምማድ እዩ
ዝርከብ ድላይካ
እሞ ድማ ኣብ ናይ
ፍቕሪ ሕርያኻ
ጥራይ ፍቕሪ እሙን
ካልእ ኣይዕጠሮካ
ብኸዚያዉኻ
ቀደረላ ስሞ
ብዝም ቅኑዕ ፍቕሪ
ኣነ ምዃንኩ።

ማሕደር ኣብርሃ (ባርያ)


## መዓልታዊት ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ
ሳምሶን ሃይለ
ቍ.ስ 116266/201820(2220)
ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2212)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ነብየት ጺጋይ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ
ዮሃንስ ሃይለ

# ወይ ሰብ ደቀይ !

ገብሩ ክብርኣብ

# ሕርይቲ ኣብ ሰሃሮ ሰናይ

19 ክፋል

ሕርይቲ፡ ተኽለ፡ ዕባይ ሱዳን፡ ተሰኒፎም፡ ማና፡ ረጓድ፡ ቀያሕ፡ ሻምብል፡ ወዲ ዓሰርተሸሞንተ፡ ሸማግለን ማእከላይን ኑቲ ሰዓብቲ ኣልዎም ንደገ ዘወጸ ዓብደላ ተኸቲሎም ውጽእ ክብሉ ሓንቲ ድልውቲ ፒክኣፕ ተጉቲራ ጸንሓቶም። በዚ መጺኦም፡ ዘይብልዎም ዕስለ ራሻይዳ፡ ብረት እናዓመሩን፡ በትሪታቶም ንሓድሕዶም እናዋቐዑን ‘ያላ! ያላ ደዩቡ! ያላ! ያላ!’ ስለዝበልዎም ኸኣ ኣብ’ታ ፒክኣፕ ክሳብ ዝድይቡ ደቒቕ‘ውን ኣይሓለፈትን። እቶም ግዳያት ኣብ’ታ ፒክኣፕ ምስ ሰረሩ፡ እቲ መጋፍዒ ዓብደላ ምስ ሰለስተ ኣጋይሽ ኣብ ቅድሚ’ታ ፒክኣፕ ቀመጡ። እቶም ምስ ዓብደላ ዝዘረቡ ዝበዅሩ ኣጋይሽ፡ ሓደ ኤርትራዊ ወይ ኢትዮጵያዊ(ትግርኛ ዝዛረብ)ን ክልተ ራሻይዳን ነበሩ። እቶም ራሻይዳ ሓጸርቲ፡ እቲ ትግርኛ ዝዛረብ ከኣ ጽልም ዝበለ እዩም ነይሮም። እቲ ርኩብ፡ ኑቶም ግዳያት፡ ዝተፈላለየ ከምዝሓሰቡ ገበሮም። ንሓድሕዶም ዝተዛረረብዎ እውን ዝተፈላለየ ነበረ። ዓብደላ ምስቶም ኣጋይሽ እንታይ በሉ ይዛራረብ ከምዝነበረ ድማ’ዩ ዘኮትዮም ነይሩ። ክትዮም ግን ዓብደላ፡

“ጸገም የብልኩምን፡ ዳርጋ ኩሎም ኣብ ደገ ክኸፍለሎም ዝኽእል ሰብ ኣለዎም። እዚኦ፡ እቲኣ ኸኣ! ክልተኣን ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ’የን ከፊለናና…” ናብ ቀያሕን ረጓድን እናመልከተ። ቀጺሉ ድማ “እቶም ካልኦት’ውን ጸገም የብሎምን። ድላይኩም ገንዘብ ክትብልዎም ትኽእሉ ኢኹም! ኣተሓሕዛ ጥራይ’ዩ ከድልየኩም! ያላ ጥራይ ውሰድዎም!” ክብል ኑቶም ኣጋይሽ ክሳብ ዝሕብሮም ጥራይ ኩነ።

ካብ ጸዋ ሕርይቲ፡

“ኣነ ከይከፈልኩ ካብ’ቲ ገዛ ወጺአ ምስ በሉና፡ እሞ ኸኣ ምስ ሓፍተይሲ ገንዘብ ከምዘረኸበትለይ፡ ተቐባሊ ጥራይ ሰኢና ከምዝላ ተዘራሪብና ኢና ነይርና። ወላ ዓብደላ እዉን ፈሊጡ’ዩ ነይሩ። ሕጂ ሃንደበት ውጹ ምስበሉና ኣነ ኣይኣመንክሉን። እቲ ምውጻእ ናይ ሓቂ ምስኩነ’ውን ኑቶም ሰለስተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእቲን ዘይከፈልና ጥራይ’የም ዘውጹኡና ዝሀልዉ ኢሉ። ማለትሲ ናብ ካልእ መጋፍዒ ዝወስዱና ዘለዉ መሰሉኒ። ድሓር ግን ንኹላ ሰብ ብሓፈሻ ኹይኑ እቲ ምውጻእ። ኣብ ደገ እንተረኣና ኸኣ መኪና ተቐሪባ፡ ዓብደላ ኸኣ ምስቶም ሸዑ ዝመጹ ሰቡት ይዛረብ። ሸዑ ወይልይ ሓደኣስ ኣሎ፡ ኢሉ። ሕጂ ናብ’ታ መኪና ምስሰቐሉና ዓብደላ በቡሓደ ናብ ኩልና እናሓበረ እንታይ ኢሉ ይዛረቦም መሰለካ፡ እዚኣ ቀያሕ ኣብ እስራኤል ከም’ዚ ዝብጽሓ ቤተሰብ ኣለዋ፡ እዛ ረጓድ ኣብ ኣመሪካ ከምዚ ኣለዋ፡ እዚ ጸሊም እውን ኣብ እስራኤል ሓዉ ኣለዎ፡ ወዘተ. እናበለ ይዛረቦም። ልክዕ ከም’ዚ ንዕዳጋ ተውርዳ በጊዕ ጸቡቕ ሲጋ ኣለዋ፡ ንዓ ወላ በዚ ሰለፉ ሓዙ፡ ገለ ገለ ዝብልወን በጊዕ ዕዳጋ’የም ቀይሮምና። እቶም ክወስዱና ዝመጹ ዝዘረባ ዓብደላ ስለዝኣመንዎ፡ በቃ ሸዓ ንሸዓ ኣበጊሶምና። ሕጂ ምስቶም ክወስዱና ዝመጹ ሓደ ኤርትራዊ ነይሩ። ኤርትራዊ ምኻኑ ሓደ ካብቶም ምሳና ዝነበሩ’ዩ ኣላልይዎ። ክትርእዮ ከለኻ እዉን ከምቲ ናይ እድሪስ ብዙሕ ጨካን ኣይመስልን’ዩ…”

እቶም ዓሰርተሓደ ግዳያት፡ ኣብታ ፒክኣፕ ምስተሰቐሉ ሓድሽ ጉዕዞ ጀሚሮም። እቲ ኹነታት ርእይ መሸጣ ብምንባሩ እቶም ቀዲሞም ሰለስተ ሽሕን ሓሙሽተሚእቲን ዶላር ዝኸፈሉ ሸሞንተ ግዳያት ተጣዕሰ። ገሊኦም፡ ‘ናብ ካልእ ንኽንሽየጥ’ዩ ክንዲ’ዚ ሰድራና ኣዋሪድና?’ በሉ። ገለ ኑቲ ምረት’ቲ ቃላት ዝሰኣነሉ ድማ ተኹርምዮም ኑበዑ። ኑቲ ምድረበዳ’ቲ ከተገልግል ዝተማህዘት እትመስል ፒክ ኣፕ፡ ኣብ’ቲ ገረብ ይኹን እንስሳ ዘይረኣዮ ኣጻምእ ክትሕንብብ ከላ፡ ኣብ ባሕራ-ኩቡዲ‘ቶም ግዳያት ድማ ብዙሕ ስምዒታት ይግማዳሕ ነበረ። እቲ ጉዕዞ፡ ነዊሕ ከሎሚተራት ክንሰ፡ ኣብ ኣፍደገ ሓንቲ ንእሽቶ መረባ በጺሖም፡ ደው ንኽብሉ ዝወሰደሎም ግዜ ግን ፍርቂ ሰዓት መሰሉ እውን ኣይተሰመዖምን።

ካብታ ደው ዝበለት መኪና፡ እቶም ክልተ ሓጸርቲ ራሻይዳን እቲ ጸሊም ኤርትራዊን ወረዱ። ኑቶም ኣእጋሮም ብምእሳር ብድሕሪት ጸፍጺፎሞም ዝበኹ ግዳያት እውን “ያላ ውረዱ ያላ ቀልጥፉ!” ክብል ሃዲድዎም፡ ካብ’ቶም ክልተ ራሻይዳ እቲ ብዕድመ ንእሽቶ። ዘይብሶጭትን ጭንቅን ካልእ ቃና ዘይነበሮም እኒ ሕርይቲ ድማ ዝተባህልዎ ክፍጽሙ ካብ’ታ መኪና ሓደ ድሕሪ ሓደ ክወርዱ ጀመሩ። ይኹን እምበር ንኣእጋሮም ዝኣሰረ ረጉድ ገመድ ምንቅስቓስ ኣስኢንዎም፡ ግዜ ወሰዱ። ክንዲ ቅልጽም ሱብኣይ ዝምርጉዱ ኣባትር ዝሓዙ ብርክት ዝበሉ ራሻይዳ ብጉሂ መጺኦም፡ ኑቲ ኣባትር ኣብ ዝባን ገሊኦም ከዕልብዎ ስለዝጀመሩ ግን ዓይኑብለይ ስኢብለይ ኩኑ ኣገባብ’ቲ ምውራድ።

ብዛዕባ ኣብ ምድረበዳ ሰናይ ምስ ካልኦት ኣሕዋታን ኣሓታን ዝሓለፈቶ ጭንቂን መከራን እናክትጸዊ፡ ብዙሕ ዝተኸላለፈት ሕርይቲ፡ ነዛ ህሞት እዚኣ ምስ ዘከረት ከምዚ በለት። “ካብታ መኪና ምስ ኣውረዱና ሕጂ ናብ ሓንቲ መረባ’የም ዘእትዉና። ኩሉ ነገሮም’ዩ ደሃሊ። ክእቱዉና ከለዉ ኣይትርኣዮ’ዩ። እቲ ኩርማኽርን ኣባትርን ጥራይ ዘይኮነ ወላ እቲ ቋንቋኦም ወላ’ቲ ድምጾም እዉን ማሪ ደሃሊ’ዩ። መጀመርታ ክቕልጡፉ መዓት’የም። ንሰኻ ሓንቲ ከይገበርካ፡ ክንደይ ነገር ይፍጽሙ፡ ንሰኻ ሓንቲ ከይተዛረብካ፡ ክንደይ ቃላት ይዛረቡ። መኪናኦም፡ ኣካይዳኦም፡ ስርሖም፡ ዘረባኦም… ኩሉ ነገሮም’ዩ ቅልጡፍ። ገለ ከይመለስካ ወይ ከይገበርካ ስለዘርክቡኻ ሕጂ ኣብኣ ኸለኻ ድህል ትብል…”

ናብታ መረባ ክእትውዎም ከለዉ፡ እናጋፍዑ ነበረ። ቡቲ ረጉድቲ ኣባትር መልዓሰዎም። ቡቲ ዘሶቒ ኩርማኽ ገረፍዎም። ብኢዳዎም ጸፍዕዎም፡ ብእጋሮም ከኣ ረገሕዎም። ዝጠታት ጺይሮም’የም እምበኣር ናብ’ቲ መረባ ዝኣተዉ። እትው ክብሉ ዝረኣይዎ ድማ ኑቲ ዝተዳህለ ውሽጦም፡ ኣጸቢቑ ደሃሎ። “ኣብቲ መረባዕ እትው ክንብል፡ ከምዚ ከቢድ ቤት-ማእሰርቲ ኩይኑ ተሰሚዑኒ። ሕጂ ጽግዕ ምስበልና፡ ድንጽው ዝበለኒ፡ ሓሙሽተ መንእሰያት ብኸፉእ ኣገባብ ተገምሲሶም፡ ምስቲ መንደቕን ባይታን ተለጋጊቦም ይጸንሑና። እሱራት’የም፡ ሓንቲ ጓል’ያ ትርከቦም። ቅርብ ኢልና ምስረኣናዮም፡ እንታይ’ሞ ክብለካ’የ? ተበላሽዮም’ዮም በቃ! ሓቂ ዘረባ ንዕኦም ርእይ ምስ ኣበልካ፡ ኣነ ድኣ’ሞ እንታይደ ኹይኑ ኢኻ ትብል። ኣነ ንዓኦም ርእይ ምስ ኣበልኩ፡ ንህረምከ ነይርና ዲና? ኢለ ናይ ብሓቂ። ፍጹም ተበላሽዮም’ዮም ጋሕመጥመጥ ኢሎም’ዮም። ገሊኦም ኣብ ሰረኦም ይሸኑ፡ ገሊኦም … ብፍላይ’ታ ጓል … ከመይ’ሞ ክብለካ፡ ክትርእያ ከለኻ ክትገልጾ ዘይትኽእል ስምዒት’ዩ ዝወረካ።”

ኣብ’ቲ መረባ ሓደ ሰዓት ሓለፈ። ካብ’ቶም ግዳያት፡ ተዳኺሞም’ኳ እንተነበሩ፡ ንኸሰል መሰሉ ዝነበረ ግን እቲ ሸማግለ’ዩ። ኣካላቱ ማህሙኒ፡ ስምዒቱ ሃድምዎ፡ መንፈሱ ድማ ተዳሂሉ ነበረ። እዚ እናኾነ ቃል ዝተዛራረበ ኣይነበሮምን። ሰቕታ እንተኸኣልዎ ጥራይ ሰቕ ምባል ፈተኑ። ብርስሓትን ጸቕጥን ዝተዋሕጠ ገዛ ብምንባሩ እውን ኣብ ፍጹም ኣእምሮኣዊ ስቓይ ሸመሞም። በዚ ዝኣክል፡ እታ ሓንቲ ሰዓት፡ ምሉእ መዓልቲ መሲላ ተሰመዓቶም። ሓደ ሰዓት ምስተቐጸረ፡ ኑቲ ብፈኹስ ዝተዓጽወ ማዕጾ ድፍእ ኣቢሉ ዝኸፈቶ፡ ሓደ ዱልዱል ራሻይዳ ኹኑ። ሸዑ እውን በሉ ‘ያላ ውጹ!’ ዝተኣዘዘዎ ክፍጽሙ ጥራይ ምርጫ ዝነበሮም እኒ ሕርይቲ ካብቲ መረባ ምስወጹ፡ ሸዑ ድማ ካልእ ፒክ ኣፕ-መኪና ተቐሪባ ጸንሓቶም። ድሕሪ ደቓይቕ እምበኣር ብዙሕ ግዜ ዘየጥፈአ ካልእ ሓድሽ-ጉዕዞ ኩነ። በቶም ክልተ ሓጸርቲ ራሻይዳን ሓደ ጸሊም ኤርትራዊን እናተመርሐት ዘወሰደቶም ፒክ-ኣፕ ሰለስተ ናይ ዚንጎ ዳሳት ምስረኸበት ዓረፈት። ካብ’ታ ፒክኣፕ ወረዱ። ሕርይቲ ናብቲ ናይ ዚንጎ ዳስ እትው ክብሉ ንዘገጠሞም ምስዘከረት፡

“ሕጂ ኸኣ እትው ክንብል፡ በቃ ብበትሪን ኩርማኽን በሎ… ናይ ሸዑ ንበይኑ’ዩ፡ ክትዛረብ ኣየፍቅዱልካ፡ ዝደለይዎ ኣይነግሩኻ፡ በቃ ንሳቶም ክሳብ ዝደኸሙ ምልዕስ ምልዕስ ኣቢሎምና፡ ጥዋዕዋዕ ምስበልና ገዲፎምና ይወጹ። ሕጂ ሓደ ካብ ኦም ማይ ሒዚልና ይመጽእ። እንታይ መስለካ፡ ክትሳቐ እምበር ክትመውት ኣይደልዩኻን’የም። ሕጂ ነዛ ጃሎን ማይ ናብ ኩልና ነዙራ። ኣነ ንቐያሕ ሂቢያ፣ ቀያሕ ንዕባይ ሱዳን፣ ዕባይ ሱዳን ንረጓድ፣ ድሓር ረጓድ ንተኽሉ፣ ካብኡ ተኽሉ ነቲ ሸማግለ ከቕብሎ ኢዱ እንተሰደደ ዝቕበሎ ይስእን። ሓፍ ኢሉ ትንክፍ ትንክፍ እንተበሎ ዘይሰምዕ፡ ነታ ጃሎን ደርብዩ፡ ኣፍልቡን ክሳዱን ዳህሲስዎ። ሕጂ ኩልና እንታይ’ዩ ክበለና ሃህ ኢልና ኢና ንጽበዮ ዘለና…”

ነዚ ዝረኣየት ሕርይቲ

“ኢሂ ተኽሉ ሓወይ?” በለቶ።

ተኽሉ ኣይመለሰን። ዛጊት ንየማነይቲ ኢዱ ካብ ኣፍልቢ ሸማግለ ኣይኣለየን።



ይቕጽል…

# ደሃይ ፌስቲቫል

## ባህሊ፡ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን



የማነ ሃይለ

‘ባህሊ፡ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን’ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብዓርቢ 15 ነሓሰ ኣብ ኣብ ሲነማ ሮማ ዝተኸፍተ ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ 2014፡ ቀዳም 16 ነሓሰ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ብወግዒ ፈሊሙ።

ኣብቲ ዕለት ኤክስፖ ዝሸወተት ግራት እያ መሲላ ኣርፊዳ። ብሕብሪ ናይ ትሸዓተ ብሄራት ገልገለ መስቀለ ተሰሊማ ኣጋይሻ ንምቕባል ተዳሊያ። ቅንያቱ ቅንያት ህጡር ክራማት’ኳ እንተኾነ፡ ሸዑስ ጸሓይ’ውን ንፌስቲቫል ዝተዳለወት እያ ትመስል ነይራ። እቲ ብዘይ ዕረፍቲ ዝቕጽል ዝነበረ ሕብረ-ብሄራዊ ምርኢት፡ መንፈስካ ዘፈስህ ጸሓይ ንግሆ ተወሲኽዎ፡ እቲ ቀጽሪ ንግደት-ንግደት ሸቲቱ። ከባቢ ሰዓት 9፡00 ምስኮነ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብሚኒስተራት፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ኣመሓደርቲ ዞባታት፡ ሓለፍቲ ግንባርን ወጻእተኛታት ኣጋይሽን ተሰንዩ፡ ንፌስቲቫል 2014 ብወግዒ ከፊትዎ። ነቲ ንክብሩ ዝተዳለወ ሕብረ-ብሄራዊ ምርኢት እናተዓዘበ ከኣ ናብ ኣዳራሽ ኣምሪሑ። ኣብቲ ኣዳራሻ ንዝተቐረበ ንታሪኽ ሙዚቃ ኣብ ሃገርናን ካልእን ዝድህስስ ዝተፈለላየ ናይ ፎቶግራፍ ምርኢት ድሕሪ ምዕዛብ ከኣ፡ ብመንእሰያትን ህጻናትን ንዝቐረበ በብዓይነቱ ምህዞታት ብተመስጦ ተኸታቲሉ። ምስቶም መሃዝቲ ከኣ በብተራ ንንውሕ ዝበለ ደቓይቕ ኣዕሊሉ። ብኣዳለውቲ ናይቲ መደባት ድማ መብርሂ ተዋሂብዎ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብድሕሪ’ዚ፡ ምርኢት መጻሕፍቲ፡ ቁሸት ተጋደልቲ፡ ኤግዚብሽን ዞባታት፡ ቁሸት ድኮና ኣባይትን መነባብሮን ዞባታት እናተዘዋወረ ክዕዘብ ኣርፊዱ።

ኣብዚ ቀጽሪ ኤክስፖ ንምልእቲ ኤርትራ ወኪላትሉ ዘላ ቅንያት፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ብሄራት ዘቕርብኦ ዘለዋ ነናተን ባህልን መነባብሮን ዝገልጽ ዝተፈላለየ ጸወታታትን ምርኢታትን፡ ስፖርታዊ፡ ባህላውን ስነ-ጥበባውን ውድድራት እውን ካብቲ ናይ ቀድሚ ሕጂ ፍልይ ብዝበለ መልክዑ ተዳልዩ ኣሎ። ብዘይካ’ዚ፡ ንህጻናት እናመሃረ ዘዘናግዕ መደባት ተሰሪዑ ኣሎ። ውድድራት ቅብኣን ቅርጻን እውን ኣካል ናይቲ ቅንያት’ዩ።

ናይ መድረኽ ድራማ እውን ሓደ ካብቶም ኣብ ናይ ሎምዘበን ፌስቲቫል ጠመተ ረኺቦም ዘለዉ ምርኢታት እዩ። ዳርጋ ብኩሉ ኤርትራዊ ቋንቋታት ናይ መድረኽ ድራማታት ተሰሪዑ ኣሎ። ንመነባብሮ፡ ባህሊ፡ ስነ-ጥበብን ደርፍን ብሄራት በብናተን ዝድህስስ ሰሚናራት እውን ተዳልዩ ኣሎ። ዞባታት ከኣ ዝልለያሉ ጸጋታትን ኣብ ምዝርጋሕ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝብን በጺሐንኦ ንዘለዋ ደረጃ ዝገልጽ ዝተፈላለየ ትሕዝቶታት ሒዘን ቀሪበን ኣለዋ።

ነዝን ካልእ ትሕዝቶታትን ሒዙ ን10 መዓልታት ዝቕጽል ሃገራዊ ፌስቲቫል 2014 እምበኣር፡ ብኣዝዩ ውዕዉዕ መንፈስ ጀሚሩ ኣሎ።ዞባታትን ሃገራውያን ትካላትን ከኣ፡ ኩሉ ትሕዝቶታተን ቀሪበን ነጋድያን ይጽበያ ኣለዋ።

ከም ዝፍለጥ፡ ባህሊ ዋሕስ ምርግጋጽ ህላወ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዋሕስ ቀጻልነት እውን እዩ። ስለዚ፡ ሕብረተሰብ ቀጻልነቱ ከረጋግጽ፡ ተካእቲ ወለዶ ከፍሪ ጥራይ ዘይኮነ፡ ባህሉን ክብርታቱን ብዝግባእ እናዕጠቐም ክኸይድ ክኽእል ኣለዉ። ምንጪ ምዕባለን ስልጣነን እውን እንተኾነ፡ ባህሊ እዩ። ምኽንያቱ፡ ባህሊ ሓባራዊ ራእይን ባህግን ኣብ ምፍጣርን ምምዕባልን፡ ብኡ ኣቢሉ ድማ ድልዱል ሃገራዊ ሓድነትን ምዕቡል ኣተሓሳስባን ኣብ ምህናጽ፡ ዓያይነትን መሃዝነትን ኣብ ምድራኽ፡ ካብ ኩሎም ጸጋታት ሃገር፡ እቲ ዝዓበየ ግደ ዝጻወት ስለዝኾነ። ሃገራዊ ፌስቲቫል 2014 እምበኣር፡ ከም ኩሎም ዝሓለፉ ፌስቲቫላትና፡ ከም ሃገርን ህዝብን መንነትና ክብርታትናን ንምዕቃብ እነሳለስሎ ዘለና ስራሕ ገስጋሱ እንግምግመሉ፡ ሓደ ካብ መለክዒታት መስርሕ ህንጸት ሃገር’ዩ። ብዙሕነት ዝሰረቱ ባህልና፡ ሃገራዊ ስኒትናን ፍቕርናን፡ ታሪኽናን ኣነባብራናን፡ ስሙር ጻዕርናን ሓባራዊ ራእይናን ትስፋው መጻኢናን እነጉልሓሉ ኣጋዳሲ መድረኽ ድማ’ዩ።

ፌስቲቫል፡ ኤርትራዊ ክብርታትን ባህልን ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ኣብ ምስግጋር ዝህልዎ ዓቢ ግደ ርዱእ ኮይኑ፡ ሎሚ ግን እቲ ፌስቲቫል ንባዕሉ ሓደ ካብ ክብርታት ሕብረተሰብና ምዃኑ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ጎሊሑ ዝረአ ዘሎ ሓቂ እዩ። ኣብዚ ናይ ሎምዘበን ፌስቲቫል፡ ምምሕዳር ከባቢታት ከይተረፉ ጉጅለታት ባህሊ ወዲበን ምርኢተን የቕርባ ምህላወን ከኣ፡ ሕብረተሰብ ዋና ናይቲ ምውርራስ ብምዃኑ ባህሉ ክኹስኩስን ከሰጋግርን ዝኽእል ተበግሶ እዩ።

ወለዲ፡ ነታ ዝተፈላለየ ሕብሪ ዝለበሰትን ብባህላዊ ብዙሕነት እትልለን ኤርትራ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ብቐረባ ስለዝረኸብዋ፡ ህጻናት ደቆም ሒዞም ድሮ ኣብቲ ቀጽሪ ከዕለቕልቑ ጀሚሮም ኣለዉ። ህጻናት እውን ነቲ ነናቱ ጽባቐ ዘለዎ ባህላዊ ምርኢታትን ሳዕስዒታትን ናይ ብሄራት ብተመስጦ ይዕዘብዎ ኣለዉ።

ሃገራዊ ፌስቲቫል 2014 ኣብ ናይ ትማሊ ሰንበት እንግዶቱ፡ ምርኢት ጉጅለታት ባህሊ እዚ ማእከልን ሪም ከዋኽብትን፡ ትልሂት ዞባታት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ደቡብን ዓንሰባን፡ ናይ ጉጅለታት ባህሊ ምምሕዳር ጋላ ነፍሕን ማእገር2ን ሶይራን፡ ‘ሕነ መን’ ዘርእስታ ናይ ትግርኛ ናይ መድረኽ ድራማ፡ መደብ ኣፋዊ ያታ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ምርኢት ጉጅለ ባህሊ ፈንቅል፡ ምርኢት ቁሸት ሰኣልቲ፡ ከምኡ’ውን ውድድር ያታዊ ስፖርት ኣብ መንጎ ዞባታት እዩ ኣአንጊዱ። ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ከኣ ትሕዝቶአን ቀሪበን ንነጋድያን የአንግዳ ኣለዋ።

ብከምዚ ጀሚሩ ዘሎ ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ 2014 እምበኣር፡ ንዓበይቲ እናዘናግዐ፡ ንናእሽቱ ከኣ ባህሎም እናፋለጠን እናመሃረን ክሳብ 23 ነሓሰ ክቕጽል እዩ። ምዕዳል ሽልማት ኮይኑ ‘ዓመት ንዓመት ይድገመና’ ኢልና ንኤክስፖ ክሳብ ንፋነዋ፡ ርሑስ ቅንያት ፌስቲቫል ይግበረልና።






# ዓንኬል ፍቕሪ

ምሕረትኣብ ፍስሃየ

# እታ ንእሹቶ ጨማቲት




እታ ብጨመተ ተኹሲ ዓለም-ለኻዊ ተፈላጥነት ዝነበራ ኣኒ ኦክሊ፡ ፎብ ኣን ሞሰስ ዝብል ስም ተዋሂቡዋ፡ ብ13 ንሓሰ 1860 እያ ኣብ ዞባ ደርክ ኦሃዮ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ተወሊዳ። እንዳ ሞሰስ ሰዓራትን ድኻታትን'ዮም ዝነበሩ። ኣኒ ድማ ካብ'ታ 7 ቈልዑ ዝነበሩዋ ስድራ ሻዱሸይቲ መትሎ'ያ ነይራ። ካልኦት ኣሓታ ባምቡላ ሒዘን ብዛዕባ ኣደነት እናሓሰባ ገዛ ገዛ ክጻወታ እንከለዋ፡ ኣኒ ግን ነታ ኢዳ ኣብ ናይ ኣቦኣ ጠበንጃ እተንብረላ መዓልቲ'ያ ትሓስብ ነይራ።

ኣቦ ኣኒ ብሰንኪ ኣሳሒታ ዘውረደሉ መጕዳእቲ ክመውት እንከሎ፡ ኣኒ ጓል 5 ዓመት ጥራይ'ያ ነይራ። እተን ዝሰዓባ ዓመታት ከኣ ኣዝየን ጽንኩራት ነበራ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ እያ ድማ ኣኒ ነታ ኣርዑት መነባብሮ ከቢዱዋ ዝነበረ ወላዲታ ናይ ምሕጋዝ ህንጡይነት ዝሓደራ። ነታ ናይ ኣቦኣ ኣረጊት ጠበንጃ ኢዳ ከተንብረላ'ውን ዕድል ረኸበት። ኣኒ ጓል 8 ዓመት ኣብ ዝመልኣትሉ እዋን'ያ ናይ ኣቦኣ ብረት ክትዓጥቕ ዝኸኣለት። በታ ቀዳመይቲ ጥይት ከኣ ምጹጽላይ ቀተለት።

ኣብ ቶኹሲ ዝነበራ ክእለት ከተመስክር ግዜ ኣይወሰደንትን። ነታ ስድራ መግብን ተወሳኺ እቶትን ኣብ ምቕራብ ዕዉት ስራሕ ፈጸመት። እንተኾነ ግን ጾር ናይ'ታ ስድራ ኣዝዩ ከቢድ ስለዝነበረ ብዓቕሚ ናይ'ዛ ንእሽቶ ቈልዓ ንነዊሕ እዋን ክሳለ ኣይተኻእለን። ምኽንያቱ 7 ትንፋስ ክትቅልብ ቀሊል ነገር ኣይኮነን። እሞ ድማ ብዓቕሚ ቈልዓ! ስለ'ዚ ኣደ ኣኒ፡ ንኣኒን ዝበዝሑ ደቃን ናብ ናበይቲ ቈልዑ ወይ መዕበዪ ዘኽታማት ከተረክቦም ግድነት ኮና። ካብ'ዚ ብቀሊሉ ክግመት ከም ዝከኣል፡ ኣኒ ሕጉስ ግዜ ከተሕልፍ ዘይሕሰብ'ዩ ነይሩ። ንሕስያ ዘይብሉ ከርፋሕ ሂወት ከተሕልፍ'ያ ተገዲዳ። ዳግማይ ንገዛኣ ክትምለስ እንከላ ድሮ ዕድመ ግርዝውና ረጊጻ ነበረት። ሽዑ ንካልኣይ ግዜኣ ብረት ኣቦኣ ኣልዒላ ንስራሕ ተበገሰት። ኣብ ከባቢኣ ኣብ ዝነበረ ግሮሰሪ ምርኢት እናቕረበት ብዙሕ እቶት ብምርካባ፡ ነቲ ብዕዳ ተታሒዙ ዝነበረ ገዛ ኣዲኣ ከይተረፈ 200 ዶላር ከፊላ ካብ ትሕጃ ኣላቐቐቶ።

ኣኒ ኣብ ናይ ጨመተ ተኹሲ ውድድራት ክትሳተፍ ጀመረት። ብተኸታታሊ ክትዕወት ዘርኣዩዋ ተቐማጦ መበቈል ከተማኣ ግን ነቲ ውድድር ምብሓታ ስለዘይተበርሆም፡ ልዕሊ ብቕዓት ኢኺ ኢሎም ኣብ'ቲ ውድድር ንኸይትሳተፍ ኣገዱዋ። በዚ ምኽንያት''ያ ድማ ጓል 15 ዓመት ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ ናብ ሲንሲናቲ ተጓዒዛ ክትወዳደር ዝተገደደት።

ፎብ ኣን ሞሰስ ምስ ፍራንክ ባትለር ዝተባህለ ኣየርላንዳዊ መበቈል ዘለዎ ጨማታይ ዝተጋጠመትሉ እዋን 1875 እዩ ነይሩ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ባትለር ወዲ 25 ዓመት ሓያል ተኳሳይ'ዩ ዝነበረ። ህቡብነት ዘትረፈ ምኩር ጨማታይን ዕዉት ናይ መድረኽ ሰብ'ውን እዩ ዝነበረ። ይኹን'ምበር ኣብ ምዕዋት ናይ'ታ ሽዓ መዓልቲ ውድድር ባትለር ኣይሰለጦን።

ካልኦት ሰባት እንተዝኾኑ ነይሮም ከም ዓቢይ ውርደት ስለዝቖጽሩዎ፡ ፈጺሙ ኣይምተዋሕጠሎምን። ባትለር ግን ከም'ቶም ካልኦት ሰባት ኣይነበረን። እኳ ድኣ ኣዝዩ'ዩ ተመሲጡ። ተምሳጡ ግን ብናይ መወዳድርቱ ክእለት ጨመተ ጥራይ ኣይነበረን! ኣኒ ንባትለር ብሓደ ነጥቢ በሊጻ ጥራይ ኣይኮነትን ስዒራቶ። ኣብ'ታ ዕለት'ቲኣ ኣብ ልዕሊ ባትለር ድርብ ዓወት'ያ ኣመዝጊባ፡ ልቡ እንተላይ'ያ ሰሊባ ተመሊሳ።

መልክዕ ንእስነት ኣኒ ኦክሊ ንዝረኣየ ሰብ ግን ፍራንክ ባትለር ብቕጽበት ዝተረትዓሉ ምኽንያት ብቐሊሉ ክርዳእ ይኽእል'ዩ። ሃሪ ዝመስል ዘው ዝበለ ጸጕሪ ርእሰን ፍሕሶ ዝመስል ህጡር ከናፍርን ዝተዓደለት ኣዚያ ውቅብቲ ጎርዞ'ያ ነይራ ኣኒ። እቲ ዝገርም ድማ እቲ ጦብላሕታ ሓባራዊ ምንባሩ'ዩ። ብድሕሪ'ዚ ኣኒን ባትለርን ብስሩዕ ክራኸቡ ተራእዩ። ኣኒ ኪንዮ ቁንጅናኣ ምድናቕ፡ ኣዝዩ ዘፍቅራ ወዲ ብምርካባ ዘሐጕስ ነገር'ዩ።

ኣኒ ኦክሊን ፍራንክ ባትለርን ኣብ 1876፡ 10 መዓልቲ ድሕሪ መበል 16 ልደት ኣኒ እዮም ተመርዕዮም። ፍራንክ ድሕሪ መርዓኦም ምስ ሓደ ቦግማን ዝተባህለ ካልኣዩ ብምሽራኽ ናይ ጨመተ ተኹሲ ምርኢት እናቕረበ ዑደቱ ቀጸሎ። ኣብ ኩሉ ዝኸዶ ቦታታት ኣኒ ንሰብኣያ ሞራል ንምሃብ ኩሉ ግዜ ኣብ ጎድኑ ነበረት።

ብ1882 ፍራንክ ምስ ጆን ግራሃም ዝተባህለ ሓድሽ መሻርኽቱ ፈቐዶ ኣብያተ ትያትር እናኸዱ ምርኢት ምቕራብ ተተሓሓዙዎ። ከም'ዚ ኢሎም ጽቡቕ እናተጓዕዙ ሓደ ምሸት ኣብ ስፕሪንግፊልድ ኦሃዮ ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ፡ ግራሃም ስለዝሓመመ፡ ፍራንክ መተካእታ ግራሃም ክረክብ ነይሩዎ። ካልእ ዝፈልጦ ንፉዕ ጨማታይ እንተዝነብር ከኣ ከይወዓለ ከይሓደረ መምጽኦ ነይሩ።

ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ፍራንክ እታ ዝተመርዓዋ ሰብ ነዚ ስራሕ'ዚ ኣይትበቅዕን'ያ ኢሉ ብዙሕ ዝዕበየሉ ነገር ኣይነበሮን። ስለ'ዚ ድማ ናይ ሰብኣይን ሰበይትን ምጅማር ሓድሽ ሂወት ተበሰረ። ኣብ'ታ ህሞት'ቲኣ ኣኒ ንግራሃም ተኪኣ ክትወዳደር ምስ ጀመረት ኩሎም ተዓዘብቲ ኣዝዮም ኣድነቑዋ። ግራሃም ከኣ ንሓዋሩ ካብ'ቲ ሽርክነት ተኣልየ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ እያ ድማ ኣኒ፡ ኣኒ ኦክሊ ተባሂላ ክትጽዋዕ ዝጀመረት። ባትለርን ኣኒን ከም ጋንታ ቀይሞም ንጥፈታት ጨመተ ተኹሲ ቀጸሉዎ።

ብ1884 ድማ ምስ ናይ ቡፋሎ ቢል "ዋይልድ ዌስት ሾው" ተጸንቢሮም ንጥፈታቶም ኣስፍሑ። ብክእለት ኣኒ ኦክሊ ዝተደነቐ ሓለቓ ጋንታኦም ቺፍ ሲቲንግ ቡል፡ ንኣኒ ኦክሊ "ንእሽቶ ጨማቲት" ዝብል ሳጓ ኣጠመቓ። እቲ ዘሕዝን ግን ንፍራንክ ባትለር ከም'ዚ ዓይነት ናይ ክብሪ ስም ዘይምሃቡ'ዩ። ፍራንክ ባትለር ብወገኑ፡ ነዚ ብዙሕ ከየድሃበሉ፡ ንሰበይቱ ከም መሪሕ ተወዳዳሪት፡ ንነብሱ ድማ ከም ናይ ውልቂ ኣሰልጣኒኣ ኮይኑ ክቕጽል'ዩ መሪጹ። ንሳ'ውን ኣይሓመቐትን፡ ኩሉ ግዜ ሓበን ሰብኣያ ምስ ኮነት'ያ። ክሳብ ሎሚ ብሓበን ዝዘከር ዑደት'ውን ኣብ መላእ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ኤውሮጳን ከካይዱ በቒዖም'ዮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣኒን ባትለርን ክሳብ'ቲ ኣኒ ካብ "ዋይልድ ዌስት ሾው" ጥሮታ ዝወጽኣትሉ 1913፡ ካብ'ቲ መሳጢ ሞያኦም ንላዕሊ ፍቕሮም ጽኑዕ ምንባሩ ክዝንጋዕ የብሉን። ክሳብ'ቲ ኣኒ ዝሞተትሉ 3 ሕዳር 1926 ከኣ፡ ክልቲኦም ሰብ ሓዳር ንሓምሳ ዓመታት ውዕውዕ ፍቕሪ ዘሰነየ ሂወት'ዮም ኣሕሊፎም። እቲ ብሞት ሰበይቱ ብሓዘን ልቡ ተሰይሩ ዝነበረ ባትለር ድማ ንበዓልቲ ኪዳኑ ቀልጢፉ ክስዕባ ብምትስፋው፡ መግቢ ምብላዕ ተሓሲሙ ድሕሪ 18 መዓልታት ሞት ሰበይቱ ብ21 ሕዳር 1926 ዓረፈ። ቅድሚ ዕረፍቱ ግን ብዛዕባ ሰበይቱ፦-

"ህላወኣ ነቲ ኣብ ሰማያት ብደበና ዝመላለስ መልኣኽ'ዩ ዘዘኻኽረካ . . . ስለ'ዚ ነዛ ዘይተዘርገት ዓይኒ እትመስል ንእሽቶ ጓል እንተፍቀርኩዋ እንታይ ይገርመካ!?" ክብል ጽሒፉ ነይሩ።

# ዋዛ ፍቕሪ

ቅድሚ ምድቃሱ ሓንቲ በኲሪ ዊስኪ ብሓንቲ ትንፋስ ናይ ምጭላጥ ኣመል ዝነበሮ ሓደ ሰብኣይ ነበረ። ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ሰበይቱ ነዚ ኣመሉ'ዚ ከተግድፎ ዓጢቓ ታላዕለት። ሓሳብ ንምትግባር ክልተ በኲሪ ቀረበት። ነታ ሓንቲ ማይ ነታ ሓንቲ ድማ ዊስኪ መልኣተን። ሽዑ ንሰብኣያ ናብቲ ክልተ በኲሪ ዝቐረበትሉ ጣውላ ጸውዓቶ። ክልተ ሓሳኹ ዝሓዘ ጥቦ ብምቕራብ ከኣ ንሰብኣያ፡ "ነዚ ሕጂ ዝሓብሮ ፈተነ ክትርእዮ ደልየየ ጸዊዐካ" ብምባል ነቲ ሓደ ሓሰኻ ኣብ'ታ ማይ ዝመልኣት በኲሪ ኣእተወቶ። ወዮ ሓሰኻ ውንጅርጅር እናበለ ክሕምብስ ተራእየ። ነቲ ካልኣይ ሓሰኻ ከኣ ናብ'ታ ዊስኪ ዝመልኣት በኲሪ ኣእተወቶ። እዚ ግን ብቕጽበት'ዩ ሞይቱ። ብድሕሪ'ዚ ወያ ሰበይቲ ተግባራ ብገጹር ከም ዘረድኣት ብምትእምማን ንሰብኣያ፡ "ብዛዕባ'ዚ ፈተነ እንታይ ክትብል ትኽእል?" ክትብል ተወከሰቶ። ሰብኣያ ትቕብል ኣቢሉ፡ "ዊስኪ እንተሰቲኻ ኣብ ከብድኻ ባልዕ ዝበሃል ከምዘይረኽበካ ተገንዘብ" ክብል'ዩ ዝመለሰላ።

## ዳሃብ ዳዊት

Congratulations!

CONGRA

ብ13/7/2014
ቃል ኪዳን ዝኣሰርኩም

ኣቶ ስምኦን ተ/ጋብር
ምስ
ወ/ት ዮሃና ዕ/ማርያም

ፈረይትን ጸገይትን ክትኮኑ
ሰናይ ትምኒትና እናገለጽና
ምውቕ ሓዳርን ብሩህ
መጻእን ክኾነልኩም እምነ።
ሓብትኹም ኣባል
ሚ/ሪ ዜና
ሊድያ ኢሳቕ





Congratulations

ዮ ሃ ና



ብዕለት 12/07/2014

ኣብ ኮለጅ ጥዕና ኣስመራ
ብነርሲን ዝተመረቕኩም፡

ሰላማዊት ፍስሃየ ብ
(GREAT
DISTINCTION)

ዘርእሰናይ
ዑቕባሚካኤል ብ
(DISTINCTION)

እንቋዕ ፍረጻማኹም ረኸብኩም
ብሩህ መጻኢ ድማ ንምነየልኩም
ፈተውትኹም ዳዊት ፍስሃየን
ኢያሱ ተ/ማርያምን




ዕለት 19/07/2014
ብ 1ይ ዓመትካ
ዘብዓልካ ንፈትወካ
ወድና

ቤትካብ የዕብዮ ተኽለሚካኤል

እንቋዕ ናብ 1ይ ዓመትካ ኣብቅዓካ

ኣቦኻ፦ የዕብዮ ተኽለሚካኤል
ኣደኻ፦ ትርፈ ግርማይ



ብዕለት 27/7/2014 ቃል ኪዳን ዝኣሰርኩም ፍትዋት

ኣቶ ርእሶም ሃይለ
ምስ
ወ/ት ሊሊያን መድሃኔ

ፈረይትን ጸገይትን ክትኮኑ ሰናይ ትምኒትና እናገለጽና፡
ምውቕ ሓዳርን ብሩህ መጻእን ክኾነልኩም ንምነ።
ዓርክኻ ዘርኢት ሃይለ ምስ ስድራቤት


# ካብ ዓረዛ ንሰምሃር

ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ገሉ- ገለ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ከተማ ሰንዓፈ፡ ዓዲ ቐይሕ፡ ማይ ሰራውን ድግሳን ዓሲሩ ንዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ ከበድ ክሳራ እናውረደ መጥቃዕተን ይቕጽላ ምንባረን'ዩ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ተገሊጹ። ብፍላይ ካብ ኣሃዱ ጹሓፊ ዛንታ (ኢሳቕ ተስፉማርያም) ሓንቲ ብርጌድ (35) ኣብዚ መጥቃዕቲ'ዚ ከም እትሳተፍ'ዩ ተገይሩ። ቀጺሉ ከኣ እቲ ኣሃዱ ኣብ ልዕሊ'ቲ ኣብ ቅድሚኡ (ግንባር ዓዲሮሶ) ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ መጥቃዕቲ ኣካየደ። እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ሓደ ረፍዲ ከኣ ክሳብ ኣፍደገ ዓላ ኣብሉ ክበጽሕ ተራእየ። ሰራዊት ጸላኢ ንኸም ክፍሉጦር 18 ዝኣመሰሉ ሓያላት ኣሃዱታቱ እናምጸአ፡ የማን ጸጋም ናይቲ ዓቢ ጽርግያ ዓላ - ዓዲሮሶ ሰፊሕ ጸረ- መጥቃዕቲ ክገብር ፈቲኑ እዩ። ክቐንየ ግና ኣይከኣለን። ብሓፈሻ ኣተሓሕዛ ዕርዲ ህዝባዊ ሰራዊት ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል ዝተፈጥረ ሓድሽ ግንባር ስፍሓቱ ብሰሜን ካብ ከባቢ ፍሻይ ምራራ ጀሚሩ ብርእሲ ዓዲን ጊንዳዕን ተጠውዩ ብዓዲሮሶ ኣብሉ ንደቡብ ብምጥዋይ ብዓደብወር፡ ኣፈልባ . . . ጉራዕ ክሳብ ዓዲምሕጹን ዝዘርጋሐ ምንባሩ'ዩ ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ዓንቀጽ ተገሊጹ። ታሸዓይ ክፋል ይቕጽል፦

ብንያም ሃይለ

እዚ ከምዚ ኣሉ እንከሎ ኣሃዱና ድሕሪ ምዝዛም ካልኣይ መጥቃዕቲ ደፍዓት ዓዲሮሶ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ 1990 ካብቲ ዓሪድናሉ ዝጸናሕና ግንባር ዓዲሮሶ ወጺእና ንሰሜናዊ ባሕሪ ብምጥዋይ ናብ ከባቢ ሰለሙናን ርእሲዓድን ከም እንቕየር'ዩ ተገይሩ። እቲ ንኣሰታት ኣርባዕተ ኣዋርሕ ዝተፈላለየ ወተሃደራዊ ስርሒታት ከካይደሉ ዝጸናሕና ግንባር ደማ ንክፍለሰራዊት 96 ከም እነረክብ ተገብረ። ኣሃዱና ንከባቢ ሰለሙና ድሕሪ ምቕያርና ከኣ ካብ ከባቢ ፍልፍል ክሳብ ሳበር ሰገ ኣብ ዘሎ ደፍዓት ከም እንኣስር'ዩ ተገይሩ። ብርጌድና ብቐጥታ ካብ ከባቢ ደብረ መዓር ክሳብ ከባቢ ተኽልን ርእሲ እምባደርሆን ኣብ ዘለዉ ደፍዓት ኢና ኣቲና። ርእሲ እምባደርሆ ድሕሪ ምፍራስ ግንባር ሰምሃር ኣብ ዝቐጸለ ብርቱዕ ምርብራብ ኣዝዩ ሓያል መጥቃዕቲ ካብ ዝተኻየደሎም ቦታታት ሓደ እዩ። መርኣያኡ ደማ እቲ ናይ ቃላት ምስክር ዘየድልዮ ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝጸንሓና መቑጻሪ ዘይብሉ ሬሳታት ሰራዊት ደርግ'ዩ ነይሩ። ርእሲ እምባደርሆ ካብ ደብረመዓር ንወገን ደቡብ ብርኽ ዝበለ ቦታታት ዝርከቦ ኮይኑ፡ ብምብራቑ ሩባታት ተኽልን ኣማናድን፡ ብምዕራቡ ድማ ዓበይቲ ሩባታት ዊና ዘማእከልዎ፡ ኑቲ ከባቢ ንምዕራብን ምብራቕን ምሉእ ብምሉእ ከቋጻጽር ዘኽእል ኣዝዩ ኣገዳሲ ቦታ እዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ'ዩ ሰራዊት ጸላኢ ኑቲ ብሰለሙና ኣቢሉ ንሩባ ተኽልን ርእሲ ዓድን ዝሓልፍ መጋቢ ማስመር ጽርግያ ንምቁጽጻር ኣዝዩ ከበድ ምርብራብ ብምክያድ ማእለያ ዘይብሉ ሰባውን ንዋታውን ክሳራታት ክኸፍለሉ ዝተገደደ።

ግንባር ሰሜናዊ ባሕሪ ብፍላይ ከኣ ከባቢታት ግራት ኣውሊዕ፡ ርእሲ ዓዲ፡ ርእሲ እምባደርሆን ከባቢ ዊናን ከበድ ኩናት ከኣንግዱ ከም ዘይቀጸዩን ሰራዊት ናይ ክልተ ተጻረርቲ ሓይልታት ፍጹም ኣብ ዘርያእም ከም ዘዕለዉን ማሰሎም ደምሲ. ተኩሶም ዘይሰምዓሉ ጸጥታ ሰፈንዎን ሕልምልም ክብል'ዩ ጸኒሑና። ኣብዚ ሓድሽ ግንባር ድሕሪ ምምጻእና ድማ ኣብሉት ኣኣሃዱና ክ/ሰራዊት 88 ምስ ደፍዓት ሰሜናዊ ባሕርን ከባቢኡን ሓፈሻዊ ሌላታት ክንገብር ግድን'ዩ ዝነበረ።



ተሪፉና ዝዀ ሓደን ወሳንን መድረኽ ቃልሲ፡ ናይ ናጽነት ጹሓይ ማለኣን ደሚቓን ኣብ መላእ ኤርትራ ንኽትበርቕ ኩሉ ንዳግማይ ዛዛሚ ዓወትና ከዐውተና ብዘኽእል መንገዲ ዝለዓለ ምድላዋትና እናሰላሰልና ብዓቢ ሃንቀውታን ተስፉን ኢና ተቐቢልናያ - ወርሒ ጥሪ 1991። እታ ንልዕሊ ሓደ ዘመን ብፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲታት መሪር ማስዋእቲ ንኽፍለላ ዘለና ናጽነትና ብዘየወላውል መንገዲ ክንጭብጣ ምኳንና ዘጠራጥር የለን። ክንዲ ዝኾነ ድማ'ዩ ኩሉ ኤርትራዊ መንእሰይ ኑቲ ሰራውር ግዝኣቱ ኣብ ኤርትራ ተበታቲኑ ነበረ ንኽኸውን ነቓነቕ ዝበል ዘሎ መግዛእቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ካብ ሰሩ ምሒኻ ምጥፍኡ ኢዱ ንምሕዋስ ጸቡቕ ናይ ዓወታት ዓመት ክንትከልና ተመኪናያ። ከም ወትሩ ዓበይቲ ምዝገምገማት እናገበርና ከኣ፡ ብዓቢ ፍሰሃን ሓጎስን ፈለምናያ። እታ ኣብ ወርሒ ግንቦት 1990 ንመጥቃዕቲ ደቡብ ከይዳ ዝነበረት ብርጌድ 35 ደሮ ተልእኾኣ ዛዚማ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ኣብሉ ከባቢ ርእሲ ዓዲ ስለዝርከበትና ኣሃዱና ክፍለሰራዊት 88 ብምልእታ ካብ ከባቢ ፍልፍል ክሳብ ግራት ኣውሊዕን ርእሲ ሓርማዝን ኣብ ዘሎ ደፋዓት ተዘርጊሐን ንዓመተ 1991 ስሩዕ መደባተን እናሰላሰላ ንወርሓት ናይቲ ሓድሽ ዓመት ኣይነበሮን። ክንዲ ዝኾነ ከኣ'ዩ ኣብታ ደሮ ሓደ ክልተ እናበልና ኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ከቖጽረላ ዝጀመርና 1991 ኣብ ነፍስ ወከፍ ኣሃዱ ኩሉ ዘድሊ ምድላዋት እናተገብረ ናይቲ ወሳኒ መድረኽ ግዜኡ ይቀራረብ ከም ዘሎ ብሩህ ኮይኑ ዝነበረ።

ብፍላይ ካብ ወርሒ መጋቢት 1991 ንደሓር ግን ኩሉ ሎጀስቲካዊ ቀረብ (ዕጥቅን ስንቅን) ከምኡ'ውን ሕክምናዊ ረድኤትን መጓዓዝያን ዝኣመሰለ ኣገደስቲ ነገራት ናብ ኩሉ ግንባራት ንወተሃደራዊ ንጥፈታትና ከዕበዩ ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ መደባት ስራሕ ከም ትምህርቲ ኣጸዋር፡ ንወተሃደራዊ ስልትን ቴክኒክን ክሕግዙ ኣብ ዘኽእሉ ቡብደረጃኡ ታዕሊማትን ካልኦት ምስኡ ዝተሓሓዙ መደባትን እናሰላሰልና ኒታ ብርሃን ከም ዝተቐልቀለ ዘበሰረትናን ድርብ ዓወታት ዝተጓናጸፍናላን ዓመት- ዓመተ 1990 ተፋኒና፡ ናብ ሓድሽ ዓመት - ዓመተ 1991 ክንሰጋገር በቓዕና። ዓመተ 1990 ዓወታት ስርሒት ፈንቅል ሒዛ ጥራሕ ኣይኮነትን ሓሊፋ። ብድርብ ዓወታት ተደሪዓ'ያ ናታ ፍሉይ ታሪኽ ሰሪዓ። ልዕሊ ዝኾነ እዋን ዋሕዚ መንእሰይ ኤርትራ ንሜዳ ምስላፍ ዝተራእየላ ዓመት'ውን ኢያ ነይራ።

ክሳብ ካብ ሰዋር ባሕርን ጎረባብቲ ሃገራትን ከይተረፈ ሃገራዊ እጃሙ ንምብርካትን ዓሰርተታት ኣሽሓት ናበዩ መደበራት ታዕሊም ሳሕል ከም ዛራ ማይ ዝውሕዝ ዝነበረ። ብሳላ'ዚ ልዑል ዋሕዚ መንእሰያት'ዚ ድማ ኩሉ መሳርዕ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት መሊኡ ደልዲሉን ማሚቑን።

ንዓመታ 1991 ከኣ ዝተፈላለዩ መደባት ስራሕ ማለት ንስልታውን ቴክኒካውን ወተሃደራዊ ብቕዓት ኣሃዱታትና ንምዕባይ ክሕግዙ ዘኽእሉ ከም ወተሃደራዊ ታዕሊም፡ ትምህርቲ ናይ ዝተፈላለዩ ብረታት፡ ፖለቲካውን ኣካዳሚያውን ትምህርትታት. . . ዝኣመሰሉ ስሩዓት ንጥፈታት እናሰላሰልና ኢና፡ ኣብ ደፋዓት ሰሜናዊ ባሕሪ ኮይንና ኣሃዱ ብምባል ፈለምኦ። ኣብዚ እዋን'ዚ ብወገን'ቲ ኣሃዱና ዓሪዳትሉ ዝነበረት ግንባር ሰሜናዊ ባሕሪ ብዘይካ ድምጺ ናይቲ ኣብ እግሪ ጎቦ ርእሲ ሓርማዝ ተጸጊዑ ንመዕርፎ ነፈርቲ ሰምባል (ኣስመራ) ለይትን መዓልትን ዝደኾብደኾብ ዝነበረ ናይ 130 መድፍዕ ከበድ ብረትን ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊትን ግብረ- መልሲ ናቱ ከኣ ካብ ዓዜን ጊንዳዕ፡ ርእሲ ዓድን ደብዓብ ነፈርቲ ጸላእን ብጸዕቂ ዝትኮስ ዝነበረ ጉዲፍና፡ ብኻልእ ሸነኽ ኣብ ምሉእ'ቲ ኣሃዱና ዓሪዱሉ ዝነበረ ደፍዓት ካብ ናብ ዝዋገር ልውውጥ ደምሲ. ተኹሲ. ዝሰምዓሉ ከባቢ. ብምስራቱ ኣይነበረን። ድሕሪ'ቲ ዕወት ስርሒት ፈንቅል ኣዳዕዲዑ ብዘይ ነገሪ መርድእ ባዕሉ ንባዕሉ ተረዲኡ ዝነበረ ሰራዊት ጸላኢ. ደማ ኣብ ቅድሜና እናሃለወ ከም ዘየለ ማሰሉ ንደፍዑ ክኣቱን ክወጽእን እንከሎ ምንቅስቓሱ ክርእ እንተዘይኮይኑ፡ ካልእ ዝገብሮ ዝኾነ ይኹን ንጥፈት ኣይነበሮን። ሚዛን ሓይሊ ምሉእ ብምሉእ ተለዊጡ'ዩ ነይሩ። ከምቲ ዋና ጸሓፊ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ መበል ዕስራን ትሸዓተን ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልስና ዝገለጾ ምሉእ ሓርነት ኤርትራ ናይ ኣዋርሕ ሕቶ ጥራሕ ተሪፍዎ ምንባሩ ዘጠራጥር ብቐረባ ተዓልዩ ከም ዝጸንሕ ተገብረ። ብዘይካ'ዚ ካብዚ ግዜ'ዚ ጀሚሩ ነፍስ ወከፍ ዝምድና ዝነበሮም ተጋደልቲ (ብጺይ/ብጺይቲ) ቅድሚ'ቲ ኣብ ዝቕጽል ቀረባ ግዜ ዝኽፈል ረዚን ዋጋ ሓርነት ናይ ሓደ ወርሒ ግቡእ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ተዋህቦም። ነፍስ ወከፍ ሰብኣይ ዝነበረ ብጺይቲ ናብቲ ሰብኣያ ዘለዎ ቦታን ኣሃዱን ከይዳ ከዕርፉ ከም ዘለዎም ብወግዒ ክፍቀድ ጀመረ። ክንዲ ዝኾነ ገሊኤን ተጋደልቲ ካብ ኣሃዱና ሰብኡተን ናብ ዝነበርዎ ቦታ ክኸዳ ከለዋ፡ እተን ሰብኡተን ምሳና ዝነበሩ ከኣ ጠቢዖን ኣሃዱታትን ቦታታትን ናብ ኣሃዱና - ንደፍዓት ሰሜናዊ ባሕሪ ከም ዝመጻ ተገብረ። ስለዚ ድማ እቲ ተበጽሖ ኣዩናይ ግዜን ሰዓትን ምኳኑ'ኳ እንተዘይተፈልጠ ምድላዋቱ ኣጸፊፉ ከምዘሎ ብሩህ ኮይኑ ነበረ። ይኹን'ምበር እታ ናይ ዜሮ ሰዓት ንቕሎ ክሳብ እትኣክል ከም ወትሩ ኺ- ኺ'ቲ ካልእ ዓበይቲ መደባት ስራሕ ፖለቲካውን ኣካዳምያውን ትምህርቲ ከም ቀደሞም ብስሩዕ መንገዲ ይካየዱ ነበሩ። ስሩዕ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ንመሃረሉ ዝነበርና መወዳእታ ናይ ወርሒ ሚያዝያ 1991 እዩ።

***ኢሳቕ ተስፉማርያም - ክ/ስ 26***

***ይቕጽል***






# ኣብ ፈስቲቫል ከምዝርአ ንምንታይ ኣይግበርን?

እዛ ንነብረላ ዘሎና ናጻን ሉኣላዊትን ኤርትራ ብሓርበኛታት ተቓለስቲ'ያ ሓራ ወጺኣ። ብሓርበኛታት ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝነብር ህዝብን ከኣ ሓርነታ ዓቂባ። ቀጽሪ ኤክስፖ ከኣ ኣብ ግዜ ቃልሲ ንናጽነት ክንደይ ሓርበኛታት ዝሕየሩላ፡ ዝስውኡላ ዝነበረት ቀጽሪ እያ። ቦታ ጅግንነት፡ ቦታ ጽንዓት፡ ቦታ መስዋእቲ ምኳና እቲ ዘርከበ ብግብሪ፡ እቲ ድሒሩ ዝተወልደ ከኣ ብታሪኽን ዛንታን ይፈልጣ። ቀጽሪ ኤክስፖ ኣብ ከርሳ ነዚ ታሪኽ እዚ ሓቑፋ እያ ዓመት መጸ ፈስቲቫል እተኣንግድ።

ምስ መስዋእቲ ቀጥታ ተኣሳሲሩ ዝመጽእ ዕለትን ወርሕን እንተልዩ 20 ሰነ እዩ። ኣብዚ ዓቢ ትርጉም ዝሕዝ ዕለት እዚ ንልዕሊ 10 ዓመት ብውሕሉል፡ ገላጺ ኣገባብ መወከሲ ተጠቒምካ ኣብ ጎደና ሓርነት ጥቓ ቤትጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝቐርብ ስነጥበባዊ ዕዩ ኣሎ። ልቢ ሓፋሽ ዝተንክፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዕን በደልን ዝገልጽን ልክዕ ብህየቱ ይፍጸልም ከምዘሎ ዘንጸባርቕን ኮይኑ ንረኽቦ - እቲ ብሃብሮም ስነጥበበኛ ግደይ ገብረሚካኤል ዝቐርብ ስነጥበባዊ ስራሕ።

ጌጋ ይኽለኣለይ ደኣ እምበር እዚ ንመዓልታት ዝርአ ስነጥበባዊ ዕዮ ክንዮ ሰለስተ መዓልቲ ዝቐጽል ኣይኮነን። ኩሉ ግዜ ኣብ ጎደና ሓርነት (ሚኒስትሪ ትምህርቲ ከባቢ) ክቐርብ ከኣ እየ ዝዕዘብ። ምናልባት ኣብኡ ብዕላማ ዝቐርብ ዘሎ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ዓቢ ትርጉም ዝሕዝን ዓሚቕ መልእኽቲ ዝመሓላልፍን ስነጥበባዊ ስራሕ ንምንታይ ኣብዚ መዓልታትን ከባብን እዚ ጥራይ ይድረት? ዝርግሐኡ ክዓቢ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራዊ ምትእኽኻባት ንምንታይ ከምዝቐርብን ከምዝርአን ኣይግበርን? ብኣውራኡ ቀጽሪ ኤክስፖ ሓፋሽ ውድባት፡ ውፉያት፡ ሃገራውያን ተቓለስቲ ዝምቁሑሉን በጃ ሃገር ዝሓልፉሉን ዝነበሩ ሰፈር ጅግንነት ብምኳኑ ወካሊ ምኾነ። ብካልኣይ ደረጃ ነዚ ሃገራዊ ንግደት ካበየ ዞባኡ እናመጸ እዩ ነጋዲ ዝነግዶ? እንተላይ ካብ ወጻኢ ዝመጸ ከይተረፈ።

እቲ ብውፉይን ግዱስን ስነጥበበኛ ግደይ ገብረሚካኤል ክቐርብ ዝጸንሐ ብውሑዱ እቶም ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ ኣብ ኣፍንጫ ቺነማ ኣዝመራ "ጭብጢ ኣሎና"፡ "ኣስመራ ኣብ 1975" "እወ ይዝከረኒ" ብዝብሉ ኣርእስትታት ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ኣካል እዚ ፈስቲቫል እንተዝኾኑ ቁጽሪ ናይቲ ዘስተማቕር ነጋዲ ልክዕ ከምቲ ኣብ ጎደና ሓርነት ዝተቛደሰ - ንሱ እውን ነቲ ልቢ ዝኾነ ዝተንክፍ ዕዮ ተኻፋሊኡ ምኾነ እብል።

**ሓበን ሓድጉ ኣስመራ**

## ጽርግያ እንዳገርግስ ዓዲ ኳላ ኣመት ይገብረሉ

ጽርግያ እንዳ ገርግስ ዓዲ ኳላ ቅድሚ ናጽነት ዝተሰርሐ ጽርግያ ኮይኑ ኣብ መጀመርታ 90ታት ግቡእ ጽገናን ምትዕርራይን ዝተገብረሉ ምኳኑ ኩሉ እቲ በቲ መስመር ዝጥቀም ዝምስክረሉ እዩ። እንተኾነ እዚ ጽርግያ እዚ ካብ ዝዓኑ ውሑድ እዋን ኣየቚጸረን። ሓቂ እዩ እዚ መስመር እዚ ግቡእ ጽገና ምስተገብረሉ ድሕነት መካይን ኮነ ጥዕና ተጎዓዝቲ ውሑስ ኮይኑ ነይሩ እዩ።

ብደግዳግን ፍሕርሓርን ልቡ ምስ ጠፍኦ ግና ኣብዚ መስመር እዚ ኣስተርሕዩ መኪና ዝመርሕ ኣውቲስታ የለን። ከይተሓቘነን ከይተገላጠመን መገሻኡ ዝፍጽም ገያሻይ ኣሎ ክበሃል'ውን ኣይከኣልን። ጥጡሕ ጽርግያ ኣብ ዘይብሉ መስመር ክስዕብ ዝኽእል ናይ ንብረትን ጥዕናን ሃስያ ዘይርዳእ ኣሎ ኣይብልን። ጽርግያ እንዳገርግስ ዓዲ ኳላ እቲ ኣብ ደረጃ ፍጹም ዕንወት በጺሑ ዘሎ ኮይኑ ኣመት ዝገብረሉ ኣካል ይደሊ ኣሎ። ንውሑስ ጉዕዞ ውሕስ ጽርግያ ምውዳድ መተካእታ ዘይብሉ ስለዝኾነ እዚ መስመር እዚ ዝምልከቶ ኣካል ጠመተ ክገብረሉ ነዘኻኽር።

**ኣስመሮም በራኺ - ዓዲ ኳላ**

## ዝምስገን ኣገልግሎት ኮርፖረሽን ዓሳ ኣብ ፈስቲቫል

ፈስቲቫል ሓደ ካብቲ ብልዑል ሃንቀውታ እንጽበዮ ሃገራዊ ንግደታት እዩ። ኣብ ዓመት 2012 ኣብ ርእሰ ከተማ ኣስመራ ኣብ 2013 ከኣ ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ተኻይዱ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ሎሚ ዓመት ከኣ ኣብታ ንንኽልተ 10ታት ዓመታት ዘኣንገደት ቀጽሪ ኤክስፖ ፈስቲቫል ይካየድ ኣሎ። ዓመት መጸ ኣብዚ ሃገራዊ ንግደት ዝምረሩን ዝምስገኑን ኣገልግሎት ወሃብቲ ትካላት ኣለው።

ህዝባዊ መንግስቲ ዞባ ማእከል በቲ ስሉጥን ንጹሕ ሰዓታት ዝኸይድን (ክሳብ ፍርቂ ለይቲ) ዝሀቦ ኣገልግሎት ናይ መጓዓዝያ ወትሩ ምስ ተመስገነ እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ ብደረጃ ዞባ ዝተኻየደ ፈስቲቫል ዞባ ደቡብ እውን እንተኾነ ከጣንያ ሓራት ብርትዓዊ ክፍሊት ንጋድያን ካብን ናብን ከጓዕዝ ተራእዩ ኢዩ። ዘይርሳዕ ዓቢ ስራሕ ሰሪሑ ጥራይ ዘይኮነ ዕውትን ዝግዝኣን ኣገልግሎት ምሃቡ ይዝከር።

ንግዳውያን ትካላት ብፍላይ ድማ ኣብያተ ብልዕን መስተን ዳርጋ ኩለን ንጋድያን "ብኽብርእንዲና ተኻሪናዮ! ኽውን ናይ ክራይ ኣይመለስናን፡ ዕዳና ኣይዓጸናን" እናበላ ዓመት ዓመት ዝዘመርኦ ሓቅነት ዘይብሉ መዝሙር ሕማም ሽኮር ነጋድያን ዘለዓዕል፡ ወይ ደም ብዙሐ ዘለዓዕል ገንዘብ እናኽፈላ ተራኣብዓደዮ ስለዝነበርኦ ካብ መረረን ወቕሳን ሓራ ወጺኦን ኣይፈልጣን። ከበዲ ዘጸግዕበን ጎረሮ ዘጥልልን እሞ ከኣ ዝተጋዘ ዋጋ እናኽፈሉ፡ ልቢ ዘስንብራ ክሳብ "እዞም ትከሳት ነጋዶ ዝረገጽዎ ኣየርግጸና!" ኣብ ዝብል ስምዒት ዝበጽሓ ሃገዛፋት ኣብያተ ንግዲ ምጽንሐን ኣይርሳዕን። "ዝይ ሎሚ ዘይተወጣሕናያ በቐሊ ኣይንረደላ" ዝብል ምስላ እናቓኒያ ተረኺበ ኣለን ሃፍናፍ ዝበላ!

ብኣንጻር እዚኣን ብርትዓዊ ዋጋ ንሓደ ፓኒኖ ብ20 ናቕፋ - ፓኒኖ ብፓኒኖኡ ድማ ደልዳላ ፓኒኖ እናሸጠ፡ ማስተ ብዘተመሳሰሊ በቲ ዝተሰልዓሉ ሕጋዊ ክፍሊት ታዕሪፉ ከይወሰኸ ንጋድያን ዝዕንግሉን ዘጥልልን ኩሪዑ ዘኹርዓካ ትካል እንተልዩ ኮርፖረሽን ዓሳ ኤርትራ እዩ። በቲ ንሱ ዓመት መጸ ዝሀቦ ስሉጥ ኣገልግሎት፡ ዝቐርቦ ርቡሕ ትሕዝቶ፡ ፍሕሽው ኣቀባብላ፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ርትዓዊ ዋጋ "ዓመት ንዓመት ይድገመና" እናተባህለ ክምስገንን ብኣብነት ክጥቀስን ክገለጽን ዝጸንሐ ትካል እዩ።

ኣብዚ ንዓሰርተ መዓልቲ ዝኸይድ ፈስቲቫል ንኩሉ ክጸሉ ዝጸንሐ እኳ እንተኾነ ናይቶም ካብ ዞባታት እንመጽእ መሕደሪ ዘይብልና፡ ምሳሕና፡ ድራርና ሰድራ ዝኸተልና ዘይብልና ገንዘብ ክንምጅርጦ ዝጸናሕና ነጋድያን ንጸወየሉ መዓልቲ ይህቡና ይኸውን። እሞ ኸ ደኣ ሎሚ ዓመትከ ሓለንጊ ናይዞን ዘይቅብል ምኽኒታት እናቐረበ ዝልሕጻና ንግዳውያን ትካላት ከመይ እያ ክትክውን? ፈስቲቫል ብምግቢ ንልክዕ እኳ እንተዘይተገና ማዕረ ማዕረ እቲ ካልእ ንጥፈታት ተመዓራርዩ ዝኸይድ ብምኳኑ ኩብድኻ ከይዓንገልካ ንኹሉ ትሕዝቶታት ክተስተማቕሮን ክትዘርን ስለዘይትኽእል ብዓብኡ ድማ ፈስቲቫል መታን ኣጸቢቕና ክነስተማቕሮ ሓለንጊ እዘን ስሉዓት ትካላት ዒብ ገይራ ክትጸንዓና ንትሰፎ። ዝቖጻጸሩ ኣካላት እውን ቁጽጽርም ከሐይሉ ንእግሪ መንገድና ክንሕብሮም ንፈቱ።

ንህዝባዊ መንግስቲ ኮነ ንኮርፖረሽን ዓሳ ኤርትራ ኮታ ኑቶም ብርትዓዊ ዋጋ፡ ስሉጥን ዘሐጉሰን ኣገልግሎት እናሃቡ ልቢ ነጋድያን ዘረስርሱ ዕጻፍን ንጻፍን ምስጋና ነቕርበሎም። ብርክኹም ደጋናዕ ድማ ንብሎም!

**ሱሌማን ፈረጅ ጊንዳዕ**
**ተማ/ ደብዓቤ ክብሮም መሪሕ - ኣስመራ**

---

# ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮስ ደቂ ተባዕትዮ!

ኣብ ዞባ ማእከል ናይ ነዊሕ ዕድመ ዘለወን ህዝባውያን ዓይነምድርታት ኣለዋ፥ እዘን ዓይነ ምድርታት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዝግልገሉለን ክፍልታት ከምዝለወኣን ማንም ዝፈልጦ እዩ። ኣነ ከምዝርድኦን ከምዝፈልጦን ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ሽንቲ ማይ (ደገ) ክወጻ እቲ ሕግን መምርሕን ይእዝዝ።

ከም እንዕዘቦ ኣብዘን ህዝባውያን ዓይነ ምድርታት ወረቐት ብምሃብ ገንዘብ ዘኽፍሉ ይጸንሑና እዮም፥ ሙብዝሕትኦም ኣዝዮም ጥንቁቓት ኣብ ርእሲ ምኳኖም መን? ኣበይ? ክኣቱ ይግብኦ ኣብ ዘይምልከቶ ከይኣቱ እናተኸታተሉን እናተቘጻጸሩን ዓማዊል ከእንግዱ ኢኻ ትዕዘብ። ኣብዚ ቀረባ ግዜ ኣብ ከባቢ እንዳ ማርያም ኣብ እትርከብ ዓይነ ምድሪ ሓደ ሓላፍነቱ ዘዘንግዐ ሰንበት መዓልቲ ከባቢ ሰዓት 5፡50 ናይ ድ፡ቀ ገንዘብ እናኽፈለ (ንሱ እውን ክንድኡ ዲዩ እቲ ክፍሊት ኣይኮነን ሓደ ናቕፋ እናተቐበለ) ወረቐት ዝህብ፡ ናብቲ ደቂ ኣንስትዮ ዝጥቀማሉ ክፍሊ ወረቐት ቀቀዲዱ ደቂ ተባዕትዮ ክልእኽን ንሶም ድማ ብዘስክፍታ ክድቕደቑን ምስ ረኣኹ ዝተሰምዓኒ ሰንባደ ክነግረኩም ኣይክእልን እየ። ኣረ ከመይ ዝበልዎ ነውራም እዩ ድማ በልኩ ብልበይ። እሱ'ኳ ክውሕዶ! "ስስዐ (ገንዘብ ከየምልጠኒ) እዩ'ኮ ከምኡ ዘግብሮ ዘሎ! ሰበይቲ ወይ ጓል እንተጸንሐት ከ? ደሓር ከኣ ነዚ ስርሐይ ኢሉ ዝተተሓሓዞ እዩ ዝመስል ንዓና ርእዩ ከማን ሰኸኽ ኣይብልን" ስክፍትኡ ንምግላጽ ሓደ ጽግዕ ኢሉ ዝደርበየለይ ዘረባ እዩ። ንምኳኑ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ወይ ድማ ብኣንጻሩ ኣብ ዘይተመደበሎም ዓይነ ምድሪ ክግልገሉ ይፍቀደሎም ዲዩ? ነቲ ተሸጊሩ ዘመጸ ትተሓባበሮ ከምዘሎኻ ኣምሲልካ ዝግበር ናይ ለውሃት ተግባር ከምስል ይኽእል ይኸውን። እንተኾነ ንሓልዮት ናይቲ ዓሚል ዘይኮነ "ገንዘብ ከየምልጠንን ከይሓልፈንን" ተባሂሉ ዝውሰድ ዓቕን ዘይወርዙይን ልዕሊ ኩሉ ከኣ ዘይውሑስ ንኻልእ ክዕድም ዝኽእል ተግባር እዩ። ኣብዚ ንዓሰርተ መዓልታት ዝቕጽል ፈስቲቫል ኤክስፖ ዕልቕልቕ ናይ ሰባት ክህሉ ባህርያዊ ስለዝኾነ እዚ ከምዚ ዓይነት ተግባር ከይርአ፡ ምትሕውዋስ ከየጋጥም ንሸለልትነት እቶም ገንዘብ ዘኽፍሉ ሰራሕተኛታት ጽሬት ምቁጽጻርን ምክትታልን ክግበር ምሕጽንታይ ኣቕርብ።

**ፋኑስ ካሕሳይ**
**ኣስመራ**




# ምርኢት ኣጋንንቲ

ብዳዊት ኒጋ

ኣተኩሮ ባህልቢ ካብ ምስሓብ ኣይተዓጊቱን። ኣብ ኣፍደገ ባር ኮይኑ ገለ ሰይጣን እንተረኸበ ሃለው በለ። ኣብቲ ህሞት ብዘይካ ሓደ ብዕሜኡ ፅንይንይ ዝበል ሰብ እቲ ዝነበሮ ከባቢ ጽምዋ ነጊሱዎ ነበረ። ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ሰይጣን እቲ ሰኽራም እምበር ካልእ ክኸውን ከምዘይክእል ገመተ። የማነ ጸጋሙ ርእዩ ኣብሉ ድማ ነቲ ኣብ ባይታ ወዲቑ ክየፍር ጀሚሩ ዝነበረ ሰኽራም ኣሰሮ። ሰይጣን ኣዝዩ ሓያል ምኳኑ ገሚቱ ስለዝነበረ ኣጥቢቑ ጠመሮ። እቲ ሰኽራም ብዙሕ ይፍለጦ ኣይነበረን። ተሰኪምዎ ገለ ስጉምቲ ብዝጀመረ ግና ሰኽራም ክዛረብ ጀመረ።

"ስማዕ. . . . . .ናበይ ትወስደኒ ኣለኻ" ብዝተቐልፈ ልሳን ሓተቶ። ባህልቢ መንገዱ ጥራይ ገበረ።

"ሞይተ ድየ?" ሰኽራም ንኻልኣይ ግዜ ሓተቶ።

"ንመን ኢኻ ከተደናግር? ኣይሞትካን!" ባህልቢ ምውት ሰይጣን ሒዙ ክኸይድ ስለዘይደለየ ገንሖ።

"እሞ ሸዋዕባ ክንጨርም. . . . . " ባህልቢ ግዲ ኣይገበረሉን። እቲ ሰብኣይ ከበድዎ ስለዝነበረ "ኦርጂናል ሰይጣን'ዩ" ብምባል ገመተ።

ፍርቂ ለይቲ ኮነ። ሰማይ ብጸለምን ደበና ተሸፊኑ ጸላም ንግስነቱ ኣረጋገጸ። ኣብ መገዲ'ውን ሳሕቲ ኣኽበርቲ ጸጥታ ይረኣዩ ነበሩ። ባህልቢ በቲ ኩነታት ምግዓዝ ሓደገኛ ኮይኑ ተሰምዖ። ቅሩዕ ኮይኑ ዝተሰምዖ ውሳነ ድማ ወሰነ። ነቲ ተሰኪሙዎ ኣለኹ ዝበሎ ሰይጣን ሒዙ ኣብ መቓብር ደየበ። "ድሕሪ'ዚ ኣንጊሁ ናብቲ ሰብኣይ ብምኻድ ገዝበይ ይወስድ።" ኢሉ ብምሕሳብ ኣኢጋሩ ናብ መቓብር ኣቕንዐ።

መንገዱ ጽግኩር'ዩ ነይሩ። እቲ ሰኽራም ክዝርግን ማእሰርቱ ኣሕሚሞዎ ጸጸኒሑ ፈንጠርጠር ክብልን ጀመረ። ባህልቢ ግና ብመጠን ዝደኸሞ ዝበረ ዝረኸቦ ዋጋ ይረኣዮ ስለዝነበረ ግዲ ከይገበረሉ ኣብቲ ዝሓሰቦ ቦታ በጽሐ። ነቲ ሰኽራም ኣብ ክውል ዝበለ ቦታ ኣጸገዑ ድማ ንሱ'ውን ደኺሙ ስለዝነበረ ካብ ኺ'ቲ ሰኽራም ቁሩብ ርሒቑ ደቀሰ።

ጸሓይ ጸባቐ ተፈጥሮ ንምርኣይ ዝዓለመት ክትመስል ንሰማይ ኣመልክዮቶ። ባህልቢ'ውን ነቲ ድሮ ድቃስ ወሲድዎ ዝበረ ሰኽራም ምህላዉ ድሕሪ ምርግጋጽ ድሕሪኡ ዝረኸቦ ገዝበ ኣበይ ከም ዘውውዕሎ ክሓስብ ጀመረ። ብዙሓ ሓደሽ ገዝኡ፣ መኪንኡ፣ ዝሰርሖ ሓወልቲ፣ ብዘዕበኡ ዝዕለል. . . . እናሰላሰለ ከይተረድኦ ኣብ ቤት እቲ ጠንቋላይ በጽሐ።

እቲ ጠንቋላይ ተራ ልብሲ ለቢሱ ገዝኡ ከጸራርግን ናብዝን ናብትን ክብልን ጸንሐ። ባህልቢ ብዘረኣየ ንእሽቶ ናይ ፍርሒ ምልክት ኣርኣየ። ይኹን እምበር ሻቡ ገጹ እስር ኣብሉ ምስ ባህልቢ ሰላምታ ተለዋወጠ። ባህልቢ ግዜ ከጥፍእ ኣይደለየን።

"እቲ ዝበልካኒ ረኺበ ኣለኹ።" ባህልቢ ብደዉ ተዛረበ።

"ጽቡቕ፣ ርኢኻ ወደሰብ እንተጸዊሩ ጽሕፍቶኡ ክቕይር ይኽእል'ዩ።" ጠንቋላይ ነኣዶ።

ዘረባ ዝቐጸለ ተሳኢኑ ክልቲኦም ርእሶም ኣድኒኖም ስቕ በሉ። ባህልቢ እቲ ኩነታት ስክፍታ ፈጠረሉ።

"እሞ መዓስ ኢኻ ገዝበይ ትህበኒ?" ሕቶ ኣቕረበ። ጠንቋላይ ደኒኑ ኩሓስበ ድሕሪ ምጽናሕ።

"ንምኳኑ ኣበይ ኣሎ እቲ ሰይጣን?" ሕቶ ኣቕረበ።

"ኣብ መቓብር ሓብኦዮ ኣለኹ።" ኩሉ'ቲ ዝገበሮ ብርእስተኣማንነት ነገሮ።

"ተባዕታይ ደዮ'ኸ ኣንስታይ?" ጠንቋላይ ሕቶ ኣቕረበ።

ባህልቢ እንታይ ከምዝምልስ ኣይፈለጠን። ብኽብደቱ ኦርጂናል ምኳኑ ጥራይ'ዩ ርግጸኛ ኔሩ።

"እንታይ ደዩ ማለትካ? ተባዕታይ እንተኾይኑ ክትጥንቀቐሉ ኣለካ ምናልባት ፈንጺጉካ ክኸይድ ስለዝኽእል ብጥሜላ ክትኣስሮ ይግባእ። ከመይ ጌርካ ከም እትኣስሮ ንዓ ከርእየካ . . . በጥ በል" ጠንቋሊ ኣዘዞ። ባህልቢ እናፈርሐ ተኣዘዘ። ካብ ውሽጢ እቲ ገዛ ገምገም ዝበል ድምጺ ጸጸኒሑ ይሰማዕ ነበረ። ባህልቢ ኩሉ እቲ ኩነታት ፍርሒ ይኸዕወሉ እኳ እንተነበረ፡ ገዝበ ምስ ሓዘ ክጠፍእ ምኳኑ ወሲኑ ተጸበዮ።

ጠንቋላይ ካብ ውሽጢ ገዛ ሰንሰለት ሒዙ ብምውጻእ "ብመጀመርታ ንኽልተ ኣእዳዉ ከምዚ ጌርካ ትኣስሮ።" ብምባል መቑሖ። "ብምቕጻል ክልተ ኣእጋሩ" እናበለ ፈንጠርጠር ከምዘይብል ገይሩ ጠመሮ።

ማዕጾ ውሽጢ ገዛ ከፊቱ ድማ ንባህልቢ ተሰኪሙ ብድሕሪት ከደ። ባህልቢ ጋን ኮነ። በቲ ኣብቲ ድሕሪት ዝበረ ትርኢት ቀዚዙ ተረፈ። ነኣሹቱ እንስሳታት ኣብ መኸዘ እንስሳታት ንምርኢት ዝቀርበሉ ብሬት ዝተኸበ ናይ ሓጺን ሳጹናት ረኣየ። እቲ ናይ ዓንተቦይ ድምጺ ናይዞም እንስሳታት'ዩ ማለት'ዩ ብምባል ድማ ሓሰበ።

እቲ ሰብኣይ ንባህልቢ ኣብ መሬት ኣንቢሩ ንሓንቲ ሬት ከፈተ። ባህልቢ ብምግራም ኣፉ ከፈተ። ሃዲንቱ ክኣምን ኣይከኣለን። እቶም ኣብ ውሽጢ ሬት ተዓቝቦም ዝነበሩ እንስሳታት ዘይኮኑ ሰብት'የም ዝነበሩ።

ባህልቢ ናብ ወናኡ ብዝተመልሰ "ስማዕ እንዶ እንታይ ትገብር ኣለኻ? ኣነ ኣይኮንኩን እቲ "ሰይጣን" በሎ። ፈንጠርጠር'ዉን በለ። "ንዓባ በዩኻ ተለመን! እንታይ ኢኻ ትገብር ዘለኻ?" ባህልቢ ተማሕጸነ።

"እ. . . . . . . . ." ብኣእዳዉ ኣብቲ ሬት ሓዘ። ንባህልቢ ኣተኩሩ እናጠመተ

"ኣብ ቀረባ መዓልታት ኣብ ኤክስፖ ኤግዚቢሽን ክቐርቦ'ዩ።"

"ናይ ምንታይ ኤግዚቢሽን"

"ኤግዚቢሽን ሰይጣውንቲ" ጠንቋላይ መለሰ።

"እሞ ኣነ ሰይጣን ድየ?"

"ርኢኻ ባህልቢ... እዞም ኣእምሮኦም ብስራሕ ዘይጽመድን ግዜኦም ኣብ ከንቱ ነገር ዘጥፍኡን ሰይጣን ስፈሩ'ዩ ዝንብርም" ብምባል ናብ ውሽጢ ቤት ብምኽድ በሎ። "ስለዚ'የ ድማ ንምርኢት ከም ሳምፕል ክወሰደኩም ኣዳልየኩም ዘለኹ።"

ባ ህ ልቢ "ዝገበርኩ ጌረ ክህብኩም ኣሎኒ" በሎ። ኣብ ዕስራታት ዝርከብ ጎበዝ ወዲ ክንሱ ውሕጅ ድኽነት ባሕጊጉ ወዲ 40 ዓመት ኣምሲልዎ ነበረ። ነዊሕን ቀጢንን'ዩ። ገጹ ካብ ምሒር ምዕጻም ኩሉ ግዜ ዝፋጸ'ዩ ዝመስል።

"ምንባረይ ዘይተርፈኒ ሃፍታም ኮይነ ክነብር ኣሎኒ. . . እንተዘየለ ግን ንሃብታማት ከጻበበሎም የብለይን" ምስ ነብሱ ዘተየ።

"እታ ድሕሪ ሞት ዘላ ህይወት'ውን መቐጸልታ ናይዚ ንነብሮ ዘለና ከይትኮውን ኣይትተርፍን'ያ" ኣዕሚቑ ተፈላሰፈ። "ኣብዚ ምድሪ ለሚኒ ንሃብታማት ካብ ዘጽድቖም ኣነ ንባዕለይ ሃብቲ'መ ንድኻታት ብምምጽዋት ኽጸድቕ ኣሎኒ" ንሓሳቡቱ ኣራጎዶ።

ይኹን እምበር ከመይ ኢሉ ከም ዝሃብትም ኣይፈለጠን። "ስራሕ ስራሔ እኳ እቲ ዝደልዮ ዓይነት በዓል ጸጋ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ።" ድሌት ናይ ስራሕ የብሉን።

"እሞ ሕጂ ደኣ . . ." ብሓሳብ ኣዕለበጠ። ብኸፉ ሃብታም ክኸውን ይረኣዮ። "ምስ ሃብተምኩ ተቐዳዲመ ሓወልቲ'የ ዘስርሕ. . . . እወ ንውሉድ ወለዶ ዝዘርፍ ስምን ሓወልትን'ዩ" ተመዝዐ። እቲ ብቕትሪ ምሕለም መቀሮ። "እ. . . .ሓዳር ምግባር'ውን ዘይተርፍ'ዩ። ምናልባት ንገዝበይ እምበር ንዓይ ዘየፍቅራ ጎራዚ ከይመጻ ዓቢ ጥንቃቐ ክገብር'የ። እታ ዝምርዓዋ ጓል ከኣ ከይረይቲ ክትከውን ኣለዋ። ልዕሊ ኩሉ ቀጣን።" ሃተፍተፍ በለ።

"ስድራይ ስድራይ እናበሉት ንሃብተይ መጻወቲ ገዘኣ ትገብር'ዉን ጥንቃቐ ቀዳማይ ስርሐይ ክኸውን ኣለዎ" ብምባል መደባቱ ቅድም ተኸተል ገበረሎም። ብድሕሪዚ ብኸመይ ክህብትም ከም ዝኽእል ኣብ ባሕሪ ሓሳብ ምሕንባስ ተተሓሓዘ።

"እሞ ስርቂ እንተጀመርኩኸ? ክላእ ኣይከውንንን'ዩ" ማእሰርቲ ስለ ዝተርኣዮ ንሓሳቡቱ ነጸጎ። ኣእምሮኡ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ስራሕ ኣውፈሮ። ብዙሕ ሓሳባት ኣስተንተነ። ክብል ክብል ኣብ መውዳእታ ሓደ ሓሳብ መጸሉ። ተሓጎሰ። ዓረቢያ ስራሑ ቁሩብ ብምውህሃል ናብ ሓደ ጸገም መንእሰያት ይፈትሕ'ዩ ተባሂሉ እተዋገረሉ ጠንቋሊ ከደ።

"ዕድልካ ሃብታም ንምኻን ኣየፍቅደልክን'ዩ።" ጠንቋላይ ብስሚዒት ተዛረቦ። ባህልቢ ኣእምሮኡ ክሰሕት ዝተረፎ ኣይነበረን። ጓሂ ናብ ኩቡዱ ኣተዉ። ኣብ መወዳእታ እቲ ጠንቋላይ ምስኡ ክሰርሖ ለመኖ። እቲ ጠንቋላይ ግና ብሸቕታ ተዋሒጡ ነበረ። ባህልቢ ደጋጊሙ ለመኖ፡ ድሕሪ ውሑድ ካልኢታት ኣፍቲ ጠንቋላይ ተኸፍተ። "እሞ . . . . " ኢሉ ዘረባ ጀመረ። ባህልቢ ኩሉ ነብሱ እዝኒ ኮነ።

"ዕድልካ ከምቲ ዝበልኩኻ እንድዩ፡ ኣነ ግን ከምዚ ኢልካ ክትነብር ስለዘይንሕጸካ ሓንቲ ስራሕ ክህበካ'የ" ብሓልዮት ተዛረበ። "እዚ ግና ፍቓደኛ እንተኾንካ'ዩ። ብድሕሪዚ ሃብታም ክትከውን ትኽእል ኢኻ።"

ገጽ ባህልቢ ንእሎት በርሀ። "መቸም ካብ ድኽነት ዝኸፍእ ነገር የለን. . . . ንእትህበኒ ስራሕ ክሰርሕ ድሉው'የ" ክልተ ኣእዳዉ ሰብሲቡ ንስራሕ ተቐረበ።

"በል ስማዕ ዝገበርካ ጌርካ . . . . " ጠንቋላይ ኣይቀጸለን። ልቢ ባህልቢ ግና ትሓንን ነበረት፣ ብኣፉ ክተፍኣ ዝተረፎ ኣይነበረን።

"ዝገበርካ ጌርካ ሰይጣን ሒዝካለይ ምጻእ. . . .ኣነ ከኣ ኣማእያኡ ገዝበ ክህበካ'የ።" ድሕሪ ነዊሕ ትጽቢት ጠንቋላይ ሓበሮ። ባህልቢ በቲ ዝሰምዖ ተዓንደ። ዝሓነቖ ዘሎ ጎረሮኡ ተለኸተ። እቲ ጠንቋላይ ሰይጣን እምበር ሰብ ኮይኑ ኣይተራእየን።

"እዚ እቲ ዝቐለለ ስራሕ'ዩ. . . . . . .መጀመርያኻ ኮይኑ'ዩ ኣስዝቢዱካ'ምበር ኩሎም'ቶም እትቐንኣሎም ሃብታማት ኣነየ ኣህቢተመዮም" ሕጂ'ውን ብዘይተገዳስነት ተዛረቦ።

ባህልቢ ዘረባ'ቲ ጠንቋላይ ኣሰላሰለ። ሎሚ ምስጢር ሃብታማት ሰይጣን ንቲትካ ምምጻእ'ዩ በለ ብልቡ። ኩሉ'ቲ ቅድሚኡ ተሰዊሩዎ ዝበረ ምስጢር በርሃሉ። ደሮ ድማ ምስቲ ጠንቋላይ ዋጋ ዕዳጋ ክዝብር ጀመረ።

"ዋጋ ሓደ ሰይጣን ክንደይ'ዩ?" ባህልቢ ሓተቶ።

"ዓይነቱ ርእየ እየ ዝዕድግ"

"ደሓን እሞ ገምጋም ዘይትገብረሊ" ባህልቢ ዋጋ ክፈልጥ ደልዩ ብህንጥዩት ሓተቶ።

ጠንቋላይ ግና ኀኮ ኀኮ በለ። "እንታይ ደዩ ማስሉካ ባህልቢ?" ንመጀመርያ ግዜ ህድእ ኢሉ ተዛረቦ። ባህልቢ'ውን ፈኸሰ። "ሓደ ሓደ ስሱዓት ቀልጠፍም ምእንቲ ክሀብትሙ ኣርቲፈሻል ሰይጣን የምጽኡለይ'የም። ንስኻ ግና ኦርጂናል ከተምጽእ ኣለካ...ሓደ ወላ ንእስ ኢሉ ኦርጂናል እንተኣምጺእኻ ክልተ ካሻ ገዝበ ክህበካ'የ።"

ባህልቢ ብውሽጡ ተሓጎሰ። ዋጋ ዕዳጋ ከዝብር ኣሎኒ ኢሉ ስለዝሓሰበ ግን "ዋእ ኣየሕሰርካዮን? ኦርጂናል እዩ'ኮ፣ ናይ ቻይና ኣይኮነን።"

"ደሓን'ሞ ፍርቂ እውስኸልካ።"

ባህልቢ ካብ ቤት ምስ ወጸ ኣዕሚቑ ኣስተንፈሰ። ህይወት ንመጀመርታ ግዜ ባህ ተብል ምኳና ተረድኦ። ብዙሰኡ ተመሊሱ ገጹ ተኸፍተ። ወደሰብ ብዘይ ተስፋ ሬሳ ምኻኑ ምስከር ኮነ። ገለ ስጉምቲ ብዘኸደ "ንሙኳኑ ካበይ'የ ሰይጣን ከምጽእ?" ዝብል ሓሳብ ኣብ ኣእምሮኡ መጸ። መቸም ኣበይ ከምዝርከብ ይፍለጥ እምበር ንሓደ ሰይጣን ምኳን ኣይሰእንን'ዩ። ካብ በዓል ኣበይ ሃብተ'ዶ ሓሚቑ?" ኣበይ ሃብተ ካብ ቀደም ዝፈልጦም በዓል ጸጋ'የም። ነዚን ካልእን እናሓሰበ ካብ መደበር ነቲ ሰይጣን መእሰሪ ዝኸውን ሰንሰለት ኣስርሐ።

ካብ ኩሉ ዘጨንቖ ነገር እንተሃለወ ሰይጣን ኣበይ ከምዝርከብ ዘይምፍላጡ'ዩ። ንመን ከምዝሓትት ጨነቖ። ንሃብታማት ከይሓትት ከምዘይኣምርዎ ርግጸኛ ነበረ። እምብዛ ብምሕሳብ ፈቐዶ ጎደናታት ኮለል በለ። ኣብ መቓብር ከይዱ ዛወረ። እታ ሰንሰለቱ ሒዙ ተሓቢኡ ንኽልተ ለይቲ ኣብ መቓብር ክጸናተ ሓዲሩ'ዩ። ዝደለዮ ግን ኣይረኸበን። ኣብ መወዳእታ ግና ሰይጣን ኣብ ኣብያተ መስተ ክርከብ ከምዝኽእል ገሚቱ ናብኡ ከደ። ናብ ሓንቲ ዕምር ዝበለት ባር ኣላገሱ ኣብ ምጽንታው ተጸምደ። ሰይጣን ተቓለሱ ከጸውድኞ ብምባል'ውን ሰንሰለቱ ደሊው ገበሮ።

በጠንጸልን ብጠጀለን ዝሰትዩ ሰባት ረኣየ። መዚቓን በግ በግ ዝበል ሙብራህቶን እምበር እቲ ዝደለዮ ኣይጸንሖን። ጸጸኒሑ "እዚ ዘይከውን ሕሱብ'ዩ" እኳ እንተበለ ነብሱ ግን ኣየኽኣሎን። ሉማስ ግድን ክሕዝ ኣሎኒ ኢሉ ወሰነ።

ሰዓታት ሓሊፉ መብዝሕትኡ ሰታይ ሰብ ናብ ቤቱ ከደ። ንሱን ሓደ ክልተ ሰተይም ዝሸሸሩን ሰባት ጥራይ ተረፉ። ከም ኣንበሳ ብኸርዓት ኣትየም ከም ከልቢ ዝሰጎጉ ሰኽራማት

# ሃገራዊ ፌስቲቫል 2014





















ተስፋኣለም የማነ

## ብራዚል፡ ኣብ ናይ በይናም ዓለም ክነብሩ ዝጸንሑ ቀቢላታት



ካብዛ ዘመናዊት ዓለም ተኸዊሎም ኣብ ጫካታት ኣማዞን - ብራዚል ንበይኖም ክነብሩ ዝጸንሑ ሓያለ ናይ ደቀባት (ቀያሕቲ ህንዳውያን) ቀቢላታት ብሰንኪ ኣብቲ ከባቢ ካብ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ዝንጸላልዎም ዘሎ ከቢድ ስግኣት ካብቲ ጫካ ክወጹ ይግደዱ ምህላዎም ይግለጽ ኣሎ።

ብመሰረት ጸብጻብ ጋዜጣ ቴሌግራፍ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ሓደ 24 ዝኣባላቱ ጉጅለ ካብቲ ንፔሩን ብራዚልን ዘዳውብ ጫካ ሃዲሙ ናብ ኣባላት ሓለዋ ገረብ ብራዚል ድሕሪ ምዕቃቡ፡ እቲ ጉዳይ ንኽልቲኦም መንግስታት ከምኡ ድማ ንሓያለ 'ተሓለቕቲ' ደቂ-ኣዳም ዝኾኑ ጉጅለታት ኣዝዩ ከሻቕሎምን ከተሓሳስቦምን ጀሚሩ ኣሎ። እቲ ዝጠዘሐ ቁልዑ-ሰበይቲ ዝርከብዎ ጉጅለ ናይ ሓደ ዘይተፈልጠ ቀቢላ ኮይኑ፡ ክዳን ዝለበሰ ዘመናዊ ሰብ ፈጺሙ ርእዩን ሰሚዑን ዘይፈልጥ'ዩ። በዚ ድማ ንፈለማ ግዜ ዝሓለፈ ሰሙን'ዩ ካብታ ጸቢብ ዓለሙ ወጺኡ ናብዛ ገፋሕን ዘመናዊትን ዓለም ብምቕልቃል ክዳን ዝለበሱ ሰባት ክዕዘብ ዝኸኣለ።

ብመሰረት ሰቡመዚ ብራዚል፡ ቅድሚ ክልተ ኣዋርሕ'ውን ሓደ ውሑድ ዝብሉ ኣባላት ዘለዎ ጉጅለ ህይወቱ ንምድሓን ካብቲ ጫካ ወጺኡ ናብቶም ኣባላት ሓለዋ ገረብ ክዕቆብ ክኢሉ'ዩ። መንግስቲ ብራዚል፡ ብሕጂ'ውን ተወሰኽቲ ጉጅለታት ካብቲ ጣሻ ክወጹ ከምዝኽእሉ ብምእማኑ፡ ኣብቲ ከባቢ መዕቆቢኦም ዝኸውን ዘመናዊ መዓስከር ኩዳልወሎም ጀሚሩ ምህላዉ'ዩ ዝሕብር ዘሎ። እንተኾነ፡ እቶም ቀቢላታት ምስ ዘመናውያን ሰባት ከይራኸቡ'ሞ ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎኦም ክፍጠር ዝኽእል ምትንኻፋት ግዳይ ተመሓላለፍቲ ሕማማት ኮይኖም ከይጽንቱ ዝሰግኡ ሓያለ ወገናት'ቲ ኣህጉር፡ ንስገምቲ መንግስቲ ብራዚል ሓንጎፋይ ኢሎም ኣይተቐበልዎን ኣለው። ንሳቶም ከምዝሕብርዎ ዘለው፡ እቶም ምስ ዕርቃኖም ካብ ጣሻታት ዝወጹ ዘለዉ ደቀባት ዝ. ሎሚ ብደረጃ ዓለም ልሙድ ኮይኑ ዘሎ ከም ዌልካምን ወጽኣትን ዝኣመሰለ ዝተፈላለየ ሕማማት ብጥራሽ ስለ ዘይፈልጥዎ፡ ብምትንኻፍ ዝኣክል ሓንሳብ ምስ ዝጥቀዑ ፈጺሞም ክጻወርዎ ኣይክእሉን። በዚ ድማ ሓንሳብ ምስ ሓመሙ እቲ ዝጸንዮም ዕጫ ሞት ጥራይ ምኻኑ እቶም ወገናት የጠንቅቑ።

ጸብጻብ ጋዜጣ ቴሌግራፍ ከምዝመልክቶ፡ ኣብ ምስግጋር ዕጹ-ፋርስ ከምኡ ድማ ኣብ ዘይሕጋዊ መሸጣ ኣገናድ ዝጥፉ ሓያለ ዕጡቓት ጉጅለታት ንጫካታት ኣማዞን ክደፍርዎ ጀሚሮም ብምህላዎም'ዩ ፍልሰት ናይ'ቶም ኣብኡ ዝፃበዩ ደቀባት ዝስዕብ ዘሎ። እቶም ዕጡቓት፡ ነቶም ደቀባት ብጥይት ክቐትልዎምን ኣኒድኦም ብሓዊ ከንድድዎን ብምጅማሮም ህይወቶም ንምድሓን ካብቲ ጫካ ክወጹ ከምዝተገደዱ ከኣ ወሲኹ ይጠቅስ። ንዝሰፍሐ ክፋል ኣማዞን እትውንን ብራዚል፡ መዳውብታ ፔሩ ነቶም ኣብቲ ጫካ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ጉጅለታት ንምቅላስ እኹል ወታሃደራዊ ጻዕሪታት ተካይድ ከምዘየላ'ያ ትኸስስ። በዚ ከኣ እቶም ዕጡቓት ካብ ወገን ፔሩ እናንቀሉ ኣብ ግፍዒታት ይፍጽምዎ ምህላዎም ተመልክት። ጸብጻብ ከምዝሕብርዎ፡ ብደረጃ ዓለም ኣብ ጫካታት ንበይኖም ዝነብሩን ምስ ዘመናዊ ሰብ ርክብ ይኹን ምትንኻፍ ብፍጹም ዘይብሎምን ኣስታት 100 ቀቢላታት ኣለው። ካብዚኦቶም እቶም 77 ቀቢላታት ኣብቲ ብራዚል እትቆጻጸሮ ክፋል ኣማዞን ይነብሩ። ኣብቲ ቦታ 'ዞኢ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዝነበረ ቀቢላ ምስ ሚስዮናውያን ምትንኻፍ ድሕሪ ምፍጣሩ ብተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣብ 1980ታት ምሉእ ብምሉእ ከምዝጸነተ ይንገረሉ።

# ኣመሪካ፡ ሻርክ ኣብ ልዕሊ ኩባንያ ጉግል ክሳራ የስዕብ

ኣብ ኣመሪካ ዝመደበሩ ኩባንያ ጉግል፡ ኣገልግሎት ኢንተርነት ክህብ ብምባል ብትሕቲ ውቅያኖሳትን ባሕርታትን ዓለምና ዘርጊሕዎ ዘሎ ኣዝዩ ክቡር ዝዋጋኡ ገመዳት (fibre optic cables) ኣብ ሓያለ ክፋሉ ብሻርክ ተቐራሪጹን ተበላሲዑን ከምዝጸንሐ ተገሊጹ።

ብመሰረት ኣሶሽትድ ፕረስ፡ ኩባንያ ጉግል ነቲ ብሻርክ ወሪድዎ ዘሎ ዕንወት ንምጽጋን ኣማኢት ሚልዮን ዶላር ወጻኢታት ክዝብር ክግደድ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ንሓንቲ ንኣስ ንምጽጋን ብውሑዱ 250 ሽሕ ዶላር ወጻኢታት ስለ እትሓትት።

ብዘይካ'ዚ፡ ኩባንያ ጉግል እቲ ንኣስታት 140 ሽሕ ኪ.ሚ. ዘርጊሕዎ ዘሎ ገመዳት ነቲ ሓደጋ ቅሉዕ ኮይኑ ከምዘሎ ስለ ዝኸምገመ፡ ካብ መጥቃዕቲ ሻርክ ክከላኸለሉ ብዝኽእል ተሪር ድርዒ ናይ ምሽፋን መደብ ከም ዘለዎ ተገዲዱ ኣሎ። እቲ መደብ ኣዝዩ ልዑል ወጻኢታት ክሓቶ ምኻኑ ድማ ብኢጋኡ ይግለጽ ኣሎ።



ጉግል፡ ኣብ ሓያለ ከባቢታት ዓለምና ዋሕዚ ኢንተርነት ብተደጋጋሚ ክቋረጽን ክዘሕልን ድሕሪ ምጅማሩ'ዩ ነቲ ብትሕቲ ማይ ተዘርጊሑ ዝርከብ ገመዳት ክፍትሾ ዝተገደደ። ክኢላታት ናይ'ቲ ኩባንያ ከምዝሕብርዎ፡ ብገመዳት ፋይበር ኦፕቲክ ኣቢሉ ዝውሕዝ መጠን ኢንተርነት 100 ዕጽፊ ናይ'ቲ ብገመድ ነሓስ (ንሓያለ ዓመታት ኣገልግሎት ኢንተርነት ክህብ ዝጸንሐ ምኻኑ'ዩ) ዝሓልፍ መጠን እዩ።

## ኢጣልያ፡ ሚልዮናት ዶላር ዝዋጋኣ ቅብኣ ካብ ቤተ-ክርስትያን ተዘሚታ

ኣብ ከተማ ሞደና - ኢጣልያ ኣብ ዝርከብ ብ'ሳን ቪንቸንዞ' ዝጽዋዕ ቤተ-ክርስትያን ተንጠልጢላ ዝነበረት ዋጋ 6 ሚልዮን ኤውሮ ቅብኣ መንነቶም ብዘይተፈልጡ ሰረቕቲ ከምዝተዘምተት ተገሊጹ።

ብመሰረት ጋዜጣ ቴሌግራፍ፡ እታ ፍጻሜ ክንቲብ ናይ'ታ ከተማ ኣብ ዘሰምየ መግለጺ፡ ምጥፋእ ናይ'ታ ጥንታዊት ቅብኣ ነታ ቤተ-ክርስትያን ጥራይ ዘይኮነስ እንተላይ ንከተማ ሞደና ዓቢ ክሳራ ምኻኑ ኣመልኪቱ። ኢጣልያውያን ክኢላታት ናይ'ቲ ዓውዲ ብወገኖም ኣብ ዝሃብዎ ዘለዉ ሓበሬታ፡ እታ ተሰሪቓ ዘላ ቅብኣ



ማዶና ምስ ቅዱሳን የውሃንስ እንጌላዊ እቲ ርኢ. ቅብኣ ኣብ 1639 ብህቡብ ኢጣልያዊ ቀባኣይ ገርሲኖ ዝተቐበኣት ኮይና፡ 2 ሜትሮ ብ3 ሜትሮ ዝልካዕ ስፍሓት ኔርዋ። እታ ብናይ ዘይቲ ሕብሪ (oil color) ዝተቐብአት ቅብኣ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ከባቢ ፍርቂ ለይቲ ከምዝተሰርቀት ካህናት ናይ'ታ ቤተ-ክርስትያን 'ኮሪረ ደላ ሰራ' ንዝተባህለት ጋዜጣ'ታ ሃገር ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ገሊጾም። ድሕሪ'ቲ ብደረጃ ኤውሮጳ ኣዚያ ዝተፈልጠት ስለ ዝኾነት፡ ሰረቕታ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ኣብ ወሽጢ ኣህጉር ኤውሮጳ ንክሸጥዋ ኣዝዩ ከጸግሞም ምኻኑ የረድኡ። በዚ ከኣ ሓቢኦም ናብ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ብምግዓዝ ኣብኡ ዕዳጋ ክረኽቡላ ከምዝኽእሉ እቶም ክኢላታት ወሲኾም የመልክቱ። ፖሊስ ኢጣልያ'ውን ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ኣፍ-ደገታት'ታ ሃገር ክትትል ከካይድ ጀሚሩ ምህላዉ እቲ ዝዘርግሖ ዜና የረድእ።

## ኣፍሪቃ፡ ተሪፉ ዝጸንሐ እንኮ ጻዕዳ ደቢ ሞይቱ

ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ብህይወት ተሪፉ ዝጸንሐ እንኮ ናይ በረድ ደቢ ዝሓለፈ ሰሙን ከምዝሞተ ተገሊጹ።

እቲ ዋንግ ዝብል ስም ተዋሂብዎ ዝጸንሐ ደቢ፡ ኣብ መካነ እንስሳ ጆሃንስበርግ - ደቡብ ኣፍሪቃ ክነብር ድሕሪ ምጽናሑ'ዩ ኣብ መበል 30 ዓመቱ ብሕማም ሞይቱ። በዚ ድማ ናይ በረድ ደቢ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ህላወኡ ኣኽቲሙ ከምዘሎ ሰብ-ስልጣን ናይ'ቲ መካነ-እንስሳ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ኣመልኪቶም።

ብመሰረት ሓበሬታኦም፡ ዋንግ ብንእሽትኡ እንከሎ'ዩ ኣብ 1986 ኣብ ጃፓን ካብ ዝርከብ መካነ-እንስሳ ሳፖሮ ተዓዲጉ ናብ ደቡብ ኣፍሪቃ መጺኡ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ከኣ መጻምድቱ ክትተኖ ተባሂሉ ካልኣይቲ ደቢ ካብ ካናዳ መጺኣቶ። ክይወለዱ ን27 ዓመታት ብሓባር ክነብሩ ድሕሪ ምጽናሕ ግን እታ መጻምድቱ ቅድሚ ሒደት ኣዋርሕ ብሞት ተፈልያቶ። ብድሕሪ'ዚ ዋንግ ብኩነታት ጓሂን ዝኾነትምናን ዝኣክል ናይ መግቢ ሸውሃቱ ስለ ዝተዓጽወ ማሲኑ ክመውት ክኢሉ።

ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ መካነ-እንስሳ፡ ካብቲ ዝነበሮ ኩነታት ጓሂ ንምግልጋል ብብዙሕ መገዲ እናዘናግዑ ከጸናንዕዎ'ኳ ጸዒሮም እንተነበሩ፡ ጻዕሮም ግን ፍረ ክረኽበሉ ኣይከኣሉን።

# ሆንግኮንግ፡ ካብ ዝሞተት ኣደ ህይወት ዘለዎ ናጽላ ተወሊዱ

ኣብ ሆንግኮንግ ዝምቕማጣ ኻንግ ዝተባህለት ጓል 37 ዓመት ነብሰጾር ኣደ ዝሓለፈ ሓሙስ ብህቦብላ ዝወደቐ ናይ ኅደና ገረብ ጸቒጥዋ ድሕሪ ሙማታ፡ ሓካይም ቅልጡፍ መጥባሕቲ ብምኽያድ ኣብ ማህጸና ንዝነበረ መዓልቱ ዘይኣኸለ ናጽላ ክድሕንዎ ከምዝኸኣሉ ተገሊጹ።

ብመሰረት ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ፡ እታ ኣደ ጽላላ ጉቲራ ናብ ቤታ እናምርሐት እንከላ'ዩ እቲ ሓደጋ ኣጋጢምዋ። እቲ ገረብ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ልዕሊኣ ወዲቑ ስለ ዝሰቐጣ ንሓያለ ደቓይቕ ዝኣክል ዝኾነ ሰብ ክርእያ ኣይከኣለን። በዚ ድማ ኻና ዝረድኣ ሰብ ከይረኸበት እንከላ ህይወታ ሓሊፉ። ኮይኑ ግን ድሕሪ'ዚ ኩሉ ብኣምቡላንስ ተጸይራ ናብ ሆስፒታል ምስ ኣተወት፡ ሓካይም 'ሞይታ' ኢሎም ናብ ክፍሊ ዕቃብ ሬሳ ክልእክዋ ኣይመረጹን። ኣብ ክንዳኡ፡ "ምናልባት ኣይፍለጥን'ዩ" ብምባል ነቲ ኣብ ኩብዳ ዝነበረ ናጽላ ብመጥባሕቲ ኣውጺኦም ህይወቱ ክፍትሽዎ ወሲኖም። ናይ ዕድል ነገር ኮይኑ ድማ ከይሞተ ትልኽ ክብል ጸኒሕዎም። ወላ'ኳ በቲ ንወላዲቱ ዘጋጠማ ሓደጋ ንሱ'ውን ብኸቢድ ተሃሲዩ እንተጸንሖም፡ ጽዑቕ ሕክምናዊ ክንክን የካይድሉ ስለ ዘለዉ ግን ክሰርርን ብኡ ኣቢሉ ክዓቢን ልዑል ተኽእሎ ከምዘለዎ'ዮም ዝገለጹ።

ነቲ ትራጀዲያዊ ዜና ዝተኸታተሉ ብ10ታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ነበርቲ'ታ ከተማ፡ ፈጣሪ ነቲ ውጹእ-መዓት ዝኾነ ናጽላ ዕድመን ጥዕናን ክህቦ ዝገልጽ ጽቡቕ ምንዮቶም ብደብዳበን ኢመይልን ናብቲ ሆስፒታል ልኢኾም ከምዝለዉ ጸብጻብ ኣጃንስ ፍራንስ ፕረስ ወሲኹ ይጠቅስ።

ኣካል ቻይና ዝኾነትን ኣስታት 7 ሚልዮን ህዝቢ ዝነብሩላን ከተማ ሆንግኮንግ፡ ዓመት መጸ ቀንዲ ግዳይ ናይ'ቲ ኣብ እዋን ክረምቲ ኣብቲ ኣህጉር ዝኸሰት ሓያል ህቦብላዊ ዝናብ ከምዝኾነት'ዩ ዝንገረላ።